

# እንጌራ ህይወት

16

ኢየሱስ በሎም፡ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ናባይ ዝመጽእ ኣይጠምን፡
ብኣይ ዝኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን ኢዩ
(ዮሃ 6:35)

# ትሕዝቶ


ንምንታይ ኢና በደል ንሓድግ 1

መከራ 15

እናተሓተ ዝልሰል 9


## ለበዋ

ክምለሰልኩም እትደልይዎ ሕቶ፡ ከተቕርብዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ክትውፍይዎ እትደልዩ ኣበርክቶ፡ እንተልዩ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩ እላቦ።

ኣድራሻ፡-

ዶ/ር ተኽለኣብ
መንግስተኣብ
ቁ.ሳ.ፖ. 1966
ኣስመራ-ኤርትራ

## ኣሰናዳኢ

ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ

ብሓልዮት መካነ ህይወት መድሃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ትምህርቲ ሰንበት ዝዳሎ መጽሄት

## ዕላማ

እዛ መጽሄት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ዝርከብ ኣርእስትታት ትምህርታዊ ብዝኾነ መልክዕ በብሓደ እናጸሓፍካ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ይኹን፡ ኣብ ኣባይትና ብውልቂ ይኹን ብሕብረት ደረጃ ኣብ ዝግበር መጽናዕትታት ከም ሓጋዚ ማተርያል ኮይና ምእንቲ ክተገልግል ተባሂላ ዝተዳለወት መጽሄት እያ።

__መተሓሳሰቢ__

ስም ናይ ጸሓፊ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣርእስቲ እንተ ዘይተጸሒፉ ብኣሰናዳኢ ናይዛ መጽሄት ዝተጸሕፈ ምዃኑ እሕብር።

# ንምንታይ ኢና በደል ንሓድግ

*"ንሕና ንዘበደሉና ኸም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና ... ንሰብ በደሎም እን ተሓዳግኩምሎም፡ ንኣኻትኩም ድማ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ኪሓድገልኩም እዩ። ንሰብ በደሎም እንተዘይሓደግኩምሎም ግና፡ ንኣ ኻትኩም ድማ ኣቦኹም ኣይሓድገልኩምን እዩ።" (ማቴ፡6፡12,14-15)*

ናይ ጐይታ ጸሎት ኣብ ማቴዎስ ምዕራፍ ሹድሽተ ተጻሒፉ ትርከብ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣዝያ ዓባይን ኣገዳሲትን ጸሎት እያ ምኽንያቱ ኹሎም ክርስት ያናት ከም ኣብነት እተገልግል ስለ ዝኾ ነት። ኣብታ ጸሎት፡ ጐይታ ኢየሱስ ነዞም ዝስዕቡ ሽዱሽተ ጸሎታት ገሊጹ (ኣ ብ ቁ.9-13)

1. ስምካ ይቀደስ
2. መንግስትኻ ትምጻእ
3. ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን
4. ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና
5. ንሕና ንዘበደሉና በደሎም ከም ዝ ሓደግናሎም በደልና ሕደገልና
6. ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር ናብ ፈተና ኣይተእትወና

ኣብ መወዳእታ ትምህርቲ፡ ክርስቶስ ኣ ብ ሓንቲ ካብተን ጸሎታት እዩ ተወሳኺ መብርሂ ሂቡ። ንሳ ኸኣ ብዛዕባ'ታ በደል ምሕዳግ እያ። ምናልባት ናብዛ ጸሎት ዘተኮረ በደል ምሕዳግ፡ ባህርይ ናይ ወዲ ሰብ ስለ ዘይኮነ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምናልባት ነቶም ነዛ ጸሎት ሸለል ክብልዋ ዝደልዩ መብርሂ፡ ዋላ'ውን መጠን ቀቕታ የድልዮም እዩ ኢሉ ስለ ዝሓሰበ ክኸውን ይኽእል እዩ። ክርስቶስ ብዛዕባ እተን ካልኦት መብርሂ ከይሃበ፡ ብዛዕባ እዛ ጸሎት እዚኣ ጥራይ መብርሂ ምሃቡ ኣዚዩ ዘገርም እዩ።

ምናልባት ብዛዕባ ሓደ ዝበደለካ እሞ፡ በደሉ ዘይሓደግካሉ ሰብ ትሓስብ ትህሉ። ምናልባት ንሱ ወይ ንሳ ኀዲኦምኻ፡ በዲሎምኻ፡ ኣታሊሎምኻን ዘይሽምካ ሂቦምኺን ክኾኑ ዝከኣል እዩ። ምናልባት ን ሱ ወይ ንሳ ንሰበይትኻ፡ ንሰብኣይኪ ወይ ንደቅኻ ኀዲኦሞም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ነዚ በደሉ ክትሓድገሉ ፈቲንካ ት ኸውን ግን ኣይከኣልካን።

'ንዓይ እንታይ ከም ዝገበሩኒ እኮ ንዓኻ ኣይተረዳኣካን' ሰባት ብዙሕ ጊዜ ከምኡ ኢሎም ይዛረቡኒ። 'በደሎም ክሓድገሎም ኣይክእልን እየ'። ሓደ ሓደ ጊዜ እቲ ጉድኣት ከቢድ ካብ ምኳኑ ዝ

ተላዕለ ናብ ሕነ ምፍዳይ ይቕየር። 'ከምዚ ገይሮምኒ ስቕ ኢለ ክገድፎም ኣይክእልን እየ' ይብሉ። ካልኦት ከኣ ከምዚ ኢሎም ይሓቱ 'ንምንታይ እየ በደሎም ዝ ሓድገሎም'። በደል ምሕዳግ ንምንታይ ኣ ድላዪ ከምዝኾነ ብዙሓት ምኽንያታት ኣ ለው። በደል ዘይምሕዳግ ምልክት ናይ ዓ ሚቕ ምረት ኮይኑ፡ ንመንፈሳዊ ህይወት ዘዳኽም እዩ። እቲ ዓቢ ሽግር ናይ ምረት ከኣ ንኹሉ ዝምድናና ክሳዕ ዝትንክፍ ኣብ ምሉእ ህይወትና ዝዝርጋሕ ሕማም ምዃኑ እዩ።

## በደል ምሕዳግ ንሕማም ናይ ነፍሲ ይፍውስ

በደል ዘይምሕዳግ መንፈሳዊ ሕማም እዩ። ሱሩ ክሳዕ ውሽጢ ይኣ ቱ፡ ጨናፍሩ ኸኣ ክሳዕ ልቢ ሰባት ይበጽሕ። በደል ዘይትሓድግ ሰብ እንተኺን ካ ብመንፈስ ዝሓመመ ሰብ ኢኻ። ሰራውር ናይ ቁጥዓ፡ ምረት፡ ቅንኢ፡ ገበንን ጽልኢን፡ ንነፍስኻ ኣሰቕዩ፡ ኣንፈት ናይ ህይወትካ ዘቐይር እዩ።

በደል ዘይሓድግ ልቢ እንተ ኣ ለካ፡ ዕውት ዝኾነ ክርስትያናዊ ህይወት ክትነብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ንህይወት፡ ሓንሳ ብዓይኒ ምረት እንተ ርኢኻያ፡ ካልኣ ይ ጊዜ በቲ ቅኑዕ መልክዓ ክትርእያ ኣ ይትኽእልን ኢኻ። ንኣብነት ንሸኻ ዘይተመርዓወ ሰብ እንተዀንካ እሞ ብሓደ ካልእ ተጠሊምካ እንተ ኴንካ፡ ንፍቕሪ በቲ ኣሉታዊ ጐኑ ትርእዮ ትኸውን። 'ካብ ሕጂ ንደሓር ቆጢበ እየ ዘፍቅር' ሰባት ብፍቕሪ ልቦም ምስ ተሰብረ ዝብልዎ ዘረባ እዩ። 'እንደገና ብኸምኡ መገዲ ክጉዳእ ኣ የድልን እየ' ብምባል ኣትሪሮም ይዛረቡ። እዞም ሰባት ዝብልዎ ዘለው እንተርኢና፡ ነቲ ሰብ በደሉ ኣይሓደግሉን። ምረት ን ህይወቶም ክቆጻጸሮ'ውን ኣፍቂዶም እዮም።

ጥልመት ኩሉ ጊዜ ጎዳኢ እዩ። ምናልባት ዝኣመንካዮ ሰብ ገንዘብ ኣታሊሉ ኣጥፊኡልካ ይኸውን። ንሱ ወይ ንሳ ቃል ኣትዩምልካ ነይሮም ክኖሶም፡ ግናኸ ቃሎም ዓጺፎም ይኾኑ። ሕጂ ብዛዕብኡ ወይ ብዛዕባኣ ኣብ ልብኻ ምረት ይህልወካ ይኸውን። ጽልእኻን ቂምካን ንካልኦት ሰባት ጸቕጢ ክፈጥረሎም ይኽእል ይኸ ውን፡ ንዓኻ ግን ኣብ ነፍስኻ ዘስፋሕፍሕ ሕማም እዩ ዝኾነካ።

ንምረትካ ካብ ልብኻ እንተ ዘይኣውጺእካዮ ካልኣይ ጊዜ ንዝኾነ ሰብ ክትኣምን ኣይትኽእልን ኢኻ። ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ምንቅስቓስ ኣብ ሕቶ እናኣ ቶኻ፡ ድሕሪ ዝኾነ ኣረኣእያን ተግባርን እን ታይ ሕቡእ ኣጀንዳ ኣሎ እናበልካ ስክፍታ ዝመልኦ ናብራ ኢኻ ት ነብር።

ህይወትና ሓንሳ ብጽልእን ብምረትን እንተ ተመሊኡ ንህይወት ከነስ ተማቕሮ ኣይንኽእልን ኢና። ምረት ወይ ጓሂ ይቕረ ካብ ምባል ጥራይ ዘይኮነ ካብ ምንባር እንተላይ እዩ ዝኽልክለና። ዝ ተመረሩ ሰባት ክፍቅሩ ክስሕቁ፡ ክሕጎሱ ኣይክእሉን እዮም። እናሓዘኑን እናጕሃዩን እዮም ዝነብሩ። ሓንሳእ በደል ከይትሓድግ እንተ ወሲንካ፡ ከም ሰብ ኣብ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ደረጃ ናይ ናብራ ኢኻ ክት ነብር ትኽእል። ከምዚ ዓይነት ውሽጣዊ

ህውከት፡ ናብ ሰቓይን ጭንቀትን እዩ ዝመርሕ። ምረትካን ጓሂ ልብኻን፡ ክሳዕ መንፈሳዊ ህይወትካ ዝደርቕ፡ ከምዚ ሓድሽ ክብረ ወሰን እናመዝገበ ዝከይድ ሰብ፡ እናወሰኸ እዩ ዝከይድ።

ሙብዛሕትና ናይ ነብስና ጸላእቲ ኢና። እቲ በደል ዘይሓድግ መንፈስና ንህይወትና ኣዳኺሙ ናብ ውድቀት የብጽሓና። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ምሳ:16:32 'ንኹራ ደንጓዪ ዝኾነ ካብ ጅግና ይበልጽ፡ ካብቲ ንኸተማ ዝሕዝ ከኣ መንፈሱ ዝገዝእ ይበልጽ' ይብል። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እቲ ገዛእ ርእሱ ዝገዝእ ሰብ፡ ካብቲ ንከተማ ዝሕዝ ሰብ ይበልጽ። ነፍስኻ ምግዛእን ምቕዳስን ክልተ ካብቶም ዓበይቲ ባህርያት ክነማዕብሎም እንኽእል እዮም።

|

ንክርስቶስ ንፈልጦ ኢና ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣለና ዝብሉ ግናኸ ብጽልእን ቅርሕንትን ዝተመልኡ ሰባት ርእየ ኣለኹ። ገሊኦም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊእና ኢና ይብሉ፡ ብግብሪ ግን ብጽልእን ብሕነ ምፍዳይን እዮም ተመሊኦም። ምናልባት ንመድሓኒ ይፈልጥዎ ይኾኑ፡ ነቲ ሓጎስ ናይ ምድሓን ግን ኣይፈልጥዎን እዮም።

ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ነጻ ኣይኮኑን። መንፈሶም ብሰንሰለት ናይ ምረት ተኣሲሩ እዩ። ንህይወት ክነብርዋ ወይ ንኻልኣት ከምቲ ዝግባእ ክፍቅሩ ኣይክእሉን እዮም። ምኽንያቱ ልቦም ብገበን ተታሒዙ እዩ።

## *በደል ምሕዳግ ክትርስዕ ይሕግዘካ*

'በደል ምሕዳግን ምርሳዕን' ዝብላ ቃላት ፍሉጣትን ልሙዳትን ኣበሃህላታት እየን። ገለ ሰባት ጽሒፎም ኣብ መንደቕ ናይ ገዝኦም ሰቒሎመን እዮም። ይኹን እምበር ኣምር ናይ 'ምሕዳግን ምርሳዕን' ክትዛረቦ ቀሊል እዩ፡ ክትግብሮ ግን ከምቲ ትዛረቦ ቀሊል ኣይኮነን። ብዙሓት ሰባት በደሎም ሓዲግናሎም ኢና ይብሉ እሞ፡ ውሰኽ ኣቢሎም 'ግናኸ ክርስዮ ኣይክእልን እየ!' ይብሉ።

ብግቡእ ክሰርሑ እንተ ኾይኖም፡ ምሕዳግን ምርሳዕን ብሓደ ክኸዱ ኣለዎም። ከይረሳዕካ በደል ክትሓድግ፡ በደል ከይሓደግካ ኸኣ ክትርስዕ ፍጹም ኣይከኣልን እዩ። ነቲ ጽልኢ ንጊዚኡ ካብ ኣእምሮኻ ክተውጽኦ ትኽእል ኢኻ ግናኸ ኣብ ልብኻ ትሓብኦ። ኣብ ህይወትካ ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ንደገ ተውጽኦ።

ምናልባት ሰበይትኻ በዲላትካ ትኸውን። ከምዚ ድማ ትብል 'ኣነ በደላ ሓዲገላ እየ'። ግናኸ ካብ ሽዑ ንንየው ከምቲ ናይ ቅድሚኡ ኣይተፋቐሩን። ገለ ተጻመድቲ ንሓድሕዶም በደሎም ይቕረ ዝተባሃሃሉ ይመስሎም። ግናኸ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ገና ብጽልኢ ተመሊኦም ይርከቡ።

ብዛዕባ ሓደ ሰብ ውሽጥና ጽቡቕ ዘይስምዓና እንተ ኾይኑ፡ ገለ ቂም ሒዝና ኣለና ማለት እዩ። ብምልኣት በደሎም ክንሓድገሎም ፍቓደኛታት እንተ ዘይኮይና፡ ብምልኣት ክንፍቅሮም ኣይንኽእልን ኢና። ናይ ሓቂ በደል ምሕዳግ፡ ናይ ልቢ ጉዳይ እዩ። ቅድሚ

ብደገ ክሰርሕ ምጅማሩ፡ ኣብ ውሽጢ ክጅምር ኣለዎ።

ቅድሚ ገለ ዓመታት ታሪኽ ህይወት ናይ ሓንቲ ዓባይ ክርስትያን ሰበይቲ ኣንቢበ ነይረ። ስማ ኮሪዮቴን ቡም ይበሃል። ንሳ ኣብ ክልኣይ ኲናት ዓለም፡ ኣይሁዳውያን ኣብ ገዛኣ ብምሕባኣ፡ ኣብ ናይ ናዚ መዳጕኒ መዓስከር ተኣሲራ ነበረት። ንሳ ኣብቲ መዓስከር ዘጋጠማ፡ ኣ ሰቃቕን ኣነዋርን ተግባራት ትገልጽ። ሮበርት ዝስሙ ሓለው እሱራት፡ ካብቲ ጸቢቢ ክፍላ ኣውጺኡ ናብ መሕጸብ ሰብ ነት ወሲዱ፡ ክዳውንታ ኣውጺኣ ጥርሓ ኮይና ሰብነታ ክምትሕጸብ ገበረ። ንሱ ድማ ኣብ ቅድሚኣ ደው ኢሉ ይርእያ ነበረ። እዚዩ ኣጸያፊን ብዕሉግን ተግባራት ይገብር ነበረ።

ናይ ኮሪየ ናይቲ መዓስከር ተሞክሮኣ ኣዝዩ ሕማቕ እዩ ነይሩ። ንኽትሓስቦውን ዘጸግም እዩ። ናታ ሓብታ ኣብቲ መዓስከር ሞይታ እያ። ኮር የ ግን ናይ ሓብታ ተሞክሮ ንኽትነግር ብህይወት ጸኒሓ እያ። ክንዲ ምምራር ኮሪ የ፡ ኣብ ምሉእ ኤውሮፓ እናተዛወረት ስለ ሕድገት ምግባር ሰበኸት። ንክርስትያናት፡ ነቶም ኣብቲ ኲናት ሕማቕ ዝገበርዎም ሰባት ምሕረት ክገብረሎም ኣተባብዓቶም።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ሙኒች ዝ ተባህለት ከተማ ብዛዕባ በደል ምሕዳግ ክትሰብኽ ድሕሪ ምጽናሕ ኮሪየ ዘረባኣ ወዲኣ ካብ መድረኽ ወሪዳ፡ ነቲ ተኣኪቡ ክረኽባ ዝጽበያ ዝነበረ ሰብ ሰላም ክትብል ጀመረት። ኢዳ እናጨበጡ መልእኽታ ን እያም እንታይ ከም ዝተሰምዖም ይገልጹላ ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ሓደ ሰብኣይ ኣ እዳው ዘርጊሑ ክሓቑፉ ናብኣ ቀረበ። መ ጀመርያ መን ምዃኑ ኣይፈለጠቶን ምስ ተዛረባ ግን ብቕጽበት ብድምጹ ፈለጠቶ።

'ምሕረት ኣምላኽ ሰናይ እዩ፡ ኣ ይኮነን ድዩ?' በለ። ናብ ኣዒንቲ ምስ ጠመተት እቲ ሓላው እሱራት ሮበርት፡ ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ዘሳገጸላ ሰብ ምዃኑ ፈለጠት።

'ብልበይ በደሉ ዝሓደግክሉ ይመስ ለኒ ነይሩ' ኢላ ጸሓፈት። 'ግናኸ ንሱ ኣ እዳው ምስ ዘርግሐ፡ ናተይ ኣእዳው ከ ምዛ ዝነቐጸ ምዝርጋሕ ኣበየ፡ ክሓቕፎ ኣ ይከኣልኩን። ኣነ ህብብቲ ኣብዛ ዓለም በደል ብምሕዳግ ዝተፈለጥኩ እየ። ሕጂ ግን ክትንክፎ ምስ ዘይክእል ሰብኣይ ፊት ንፊት ገጢመ። ናብ ኣምላኸይ ጸለኹ

ንሳ ብምቕጻል 'ኣ ኣምላኸይ በደል ክሓድግ ንዘይምኽኣለይ፡ ሕደገለይ' እዛ ጸሎት እዚኣ ምስ ጸለኹ፡ እግዚኣብሄር ጸጋ ሃበኒ፡ ኣእዳወይ ዘርጊሓ ንሮበርት ሓቘፈ ክምዚ በልክዎ 'እወ ብርግጽ እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ'

ኮርየ ኣብታ ኣጋጣሚ እቲኣ፡ ነቲ ፍጻመ ካብ ኣእምሮኣ ደኣ ኣርሒቓቶ ኔራ እምበር ካብ ልባስ ምሉእ ብምሉእ ከምዘየ ርሓቐቶ ተገንዘበት። ኣብታ ጊዜ እቲኣ ኩ ሉና ክንምሃሮ ዝግብኣና ትምህርቲ ተማሂራ። በደል ምሕዳግ ናይ ልቢ ጉዳይ እዩ። ብኸናፍርና በደል ክንሓድግ ኣ ይኽእልን ኢና፡ ብልብና እምበር። ሽዑ ጥራይ ኢና ነቲ በደል ክንርስዖን ልዕሊ ጽልኢ ክንመላለስን እንኽእል።

## በደል ምሕዳግ እግዚአብሄር በዓል ስልጣን ምዃኑ የዘክረና

ሓደ ሰብ እንተ በዲልና መብዛሕትኡ ጊዜ ተቓዳዲምና ናብ ፍርዲ ኢና ንኣቱ። ግናኸ እግዚአብሄር እቲ ናይ መወዳእታ ብይን ናትና ከም ዘይኮነ ይነግረና። ንሕና ኣምላኽ ኣይኮናን። ንሱ በይኑ ጥራይ እዩ ንልቢ ሰባት ዝፈልጥን ግቡእ ፍርዲ ክህብ ዝኽእልን። ናይ ውሽጢ ኩነታቱን ድሕረ ባይታ ናይቲ ዝበድለና ዘሎ ሰብን ንሕና ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ንሕና በደል ክንሓድግ ፍቓደኛታት ክንከውን እቲ ፍርዲ ከኣ ንኣምላኽ ክንሓድገሉ ይግባእ።

ዋላ ሓደ ካባና ካብ ነቐፌታ ክሃድም ዝኽእል የለን። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ሮሜ፥3፥23 'ኩሎም ሓጢኦም ክብረ ኣምላኽ'ውን ሲኢኖም' ይብል። ዋላ ሓደ ካባና ፍጹም ክኸውንን ኣብ ሰባት ዘሎ ኩሉ ነገር ክፈልጥን ዝኽእል የለን። ኣብ ዝኾነ ይኹን ነገር፥ እቲ ናይ መወዳእታ ፍርዲ ክንህብ ኣይንኽእልን ኢና።

እዚ ማለት ግን ሰባት ንኻልኦት እንዳበደሉ ስቕ ኢሎም ክነብሩ እዮም ማለት ኣይኮነን። 'ፍቁራተይ ምፍዳይ ሕነ ናተይ እዩ ኣነ ክፈድዮ እየ ይብል እግዚአብሄር...' (ሮሜ፥12፥19) እግዚአብሄር ንነፍሲ ወከፍ ተግባር ናይ ህይወትና ኣብቲ ሓቀኛ ሚዛን ጽድቂ ከቕምጦ እዩ። ሓደ መዓልቲ ጐይታ ነታ ሚዛን ከመዓራርያ እዩ ነቲ ብኻልኦት ዝተበደልናዮ በደል ከኣ ሕነ ክፈድየልና እዩ።

በደል ምሕዳግ ውጽኢታዊ ዝኸውን ንናይ እግዚአብሄር ፍርዲ ተስፋ ዝገበረ እንተኾይኑ እዩ። ንኻልኦት ክንፈርድ ኣየድልየናን እዩ። ፍርዲ ንእግዚአብሄር ንግደፈሉ። ንሕና ግን ነገርና ኩሉ ንእግዚአብሄር እናሃብና፥ ነቶም ዝበደሉና በደሎም እናሓደግና ነፍስና ክንንጽህ ይግብኣና።

በደል ምሕዳግ መፍትሕ ናይ መልሲ ጸሎት እዩ። እግዚአብሄር ንህይወትና ከም ዝቆጻጸሮ እንተ ዘይኣሚንና ብእምነት ክንጽሊ ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ በደል ዘይሓድግ ልቢ ዘይኣምን ልቢ እዩ። ንእግዚአብሄር ብሓቂ እንተ ዘይኣሚንናዮ ንኻልኦት በደሎም ክንሓድገሎም ኣይንኽእልን ኢና።

በደል ምሕዳግ ንኻልኦት ሰባት ክንፈርድ መሰል ከም ዘይብልና'ውን የዘኸክረና እዩ። ከም ሓቂ ክንሓድግ ምፍታውና እቲ ፍርዲ ንእግዚአብሄር ከም ዝሃብናዮ ዘርኢ እዩ። እግዚአብሄር ንኹሉ ተግባርና ዝምዝግበሉ መጽሓፍ ኣለዎ። እንታይ ከም ዝገበር'ውን ይፈልጥ እዩ። ንሕና ልብና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ ክኸውን ጥራይ ክንሓስብ፥ እቲ ፍትሒ ከኣ ንኣምላኽ ክንሓድገሉ ይግባእ።

## መልሲ ጸሎትና ክንረክብ በደል ክንሓድግ ይግባእ

በደል ምሕዳግና እግዚአብሄር ጸሎትና ከም ዝምልሰልና ሓደ መርኣያ እዩ። ኣብ ማር፥11፥22-26 ሓደ ካብቶም ኣ

ዚዮም ዘገርሙ ጽሑፋት ናይ መጽሓፍ
ቅዱስ ንንብብ። "ጐይታና ኢየሱስ ድማ
መለሰ በሉ·ም·ውን ብአምላኽ እመኑ· ገበ
ኑ ደኹን እቲ ዝበሉ ክም ዝኾውን ዚእምን
እምበር፡ ብልቡ· ዘይጥራጠር ነዚ ኸረን፡ ተን
ሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሓል እንተ በሉ· ንእሉ·
ክም ዚኹንሉ· ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። ስ
ለዚ እትጽልዩዎን እትልምንዎን ዘበለ ከ
ም ዝረኸብክምዎ እመኑ· እሞ ኪኹንልኩም
እዩ፡ እብለኩም አሎኹ።

እዚ ብዘይጥርጥር ሓደ ካብቶም ዓ
በይቲ ተስፋታት ናይ ጐይታ እዩ። ሓይሊ
ጸሎትሲ ምስ ሓይሊ እምነት ክም ዝ
ተሓሓዝ ይነግረና አሉ። ብመጠን እቲ እ
ብ ቃል አምላኽ እምነት ዝገበርናዮ ብመጠ
ኑ ጸሎትና ይምለስ።

ግናኸ ክርስቶስ ተወሳኺ ቅድመ ኹ
ነታትውን አቐሚጡ እዩ። አብ መንጐ መል
ሲ ጸሎት ምርካብን፡ በደል ምሕዳግን
ዘሎ ዝምድና እንጸሩ ገሊጽዎ እዩ።
"ደው ኢልኩም ክትጽልዩ ከሎኹም ድማ
እቲ አብ ሰማይ ዘሎ አቦኹም በደልኩም
ምእንቲ ኺሓድገልኩም፡ አብ ብጻይኩም
ገለ እንተ አሎኩም ሕደጉሉ· ንሽኻትኩም
እንተ ዘይሓደግኹም ግና፡ እቲ አብ ሰማይ
ዘሎ አቦኹም ድማ በደልኩም አይሓድገ
ልኩምን እዩ።" (ቁ.25-26)

መልሲ ጸሎትና ክንረክብ፡ በደል
ምሕዳግ አዚዩ አድላዪ ነገር እዩ።
ንቶም ዝበደሉና፡ በደሎም ክንሓድገሎም
እንተ ዘይኪኢልና ከመይ ጌርና እግዚአ
ብሄር ጸሎትና ክሰምዖ ክንጽበ ንኽእል? ን
ሕናውን እኮ ንእግዚአብሄር በዲልናዮ ኢ
ና። ብዓብይ እምነት ጸሊና ጸሎትና
ዘይምለስ፡ በደል ዘይምሕዳግ ሓጢአት ስ
ለ ዝኾነ ምስ ግዚአብሄር ዘለና ርክብ ስለ
ዘበላሹን እዩ። እግዚአብሄር በደል ን
ዘይሓድግ ልቢ ክምልሶ· ባህጊ የብሉን።

አብ 1ጴጥ፡3፡7 መጽሓፍ ቅዱስ ከ
ም ዝነግረና፡ ሰብኡት ጸሎቶም ምእንቲ ከ
ይዕንት ምስ አንስቶም ጽቡቕ ዝምድና
ክህልዎም ይምዕድ። ሰብኡት ንንስቶም ከ
ፍቅሩ· ከኽብሩ· ጸጋ ህይወት ምስአን ክወር
ሱ· ይግባእ። አብ ሰራሕኻን አብ ውልቃዊ
ህይወትካን ንዚጋጥመካ ጸገማት ክትፈትሕ
ትቃለስ ትህልው። ምኽንያቱ ናይ
ሰበይትኻን ጸቕኻን ድሌት ክተማልእ አይክ
አልካን ትኸውን።

ንሰበይትኻ ስለ ዘኽበርካያ እግዚአ
ብሄር ሰች ኢሉ ይርኢ። አብ ሰብ ሓዳር
ወጥሪ ዝፍጠር መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ሓደ
ነቲ ሓደ በደል ስለ ዘይሓድገሉ· እዩ።
እቲ ዝዓበየ ውርደት አብ ንሓድሕድና
ክህሉ· ዝኽእል፡ በደል ዘይምትሕድዳግ እ
ዩ።

በደል ዘይምሕዳግ ካብ ናይ እም
ነት ህይወትን ናይ ጸሎት ህይወትን የ
ትርፈና። በደል ዘይምሕዳግ ንእግዚአብሄር
እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ነገር ክንገብር ክም ዝኽእል
ክም ዘይኣመንናዮ ነርእየሉ· መገዲ እዩ።
ምናልባት ንሓደ ነገር ንዓመታት በደል
ብዘይሓድግ ልቢ ጸሊኻሉ፡ ዋላ ሓንቲ
መልሲ አይረኸብካን ትኸውን። ብዛዕባ
እቲ ንንዮ ምንቅስቓስ ገለ ዝብል ቅድሚ
ሕጂ ሰሚዓ ነይረ። ግናኸ ሰች ኢልካ እዩ
አይሰርሕን እዩ። ይብሉ። "እግዚአብሄር እ
ብ ህይወተይ ተአምራት ገይሩ ርእየዮ እ
ይፈልጥን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት
ምናልባት ንቶም ዝበደሉኻ በደሎም
ክትሓድገሎም ፍቓደኛ ስለ ዘይኮንካ

ክሽ ውን ይኽእል እዩ።

## በደልና ክሕደገልና ግድን በደል ክን ሓድግ ይግብኣና

በደልና ክሕደገልና ንሕና'ውን በደል ክንሓድግ ፍቓደኛታት ክንከውን ከም ዘለና ኢየሱስ ግልጺ ጌርዎ እዩ። ንኻልኦት በደሎም ክንሓድገሎም ክሳዕ ዘይከኣልና፡ እግዚኣብሄር በደልና ኣይሓድገልናን እዩ። ምሕረት እግዚኣብሄር ንዓና ኣዚዩ ዓብዩ እኳ እንተኾነ፡ ንሕና ባዕልና ነቶም ዝበደሉና ክሳዕ ዘይሓደግናሎም ተማቒሉ፤ እዚ ምሕረት እዚ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። እግዚኣብሄር ንኹሉ ሓጢኣትና ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ይቕረ ክብለልና ፍቓው እዩ ግናኸ ንሕና ድማ ይቕረ እንተዘይበልና ነዚ ምሕረት ኣምላኽ ክነስተማቕሮ ኣይንኽእልን ኢና።

'በደል ናይ ምሕዳግ ባህሪ ኣብ ውሽጠይ የብለይን' ኢሉኒ ሓደ ጊዜ ሓደ መጺኡ። ኣነ ድማ ዋላ ሓደ ካባና እዚ ባህሪ እዚ ኣብ ውሽጡ ዘለዎ ከምዘየለ ነገርክዎ። በደል ምሕዳግ ህያብ ኣምላኽ እዩ። ውጺኢት ስራሕ ናይ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ልብና እዩ። ንሓደ ዘቖየመኒ ሰብ በደሉ ንኽሓድገሉ ፊት ንፊት ምስ እንጋጠም ስጋይ 'ኣይከውንን እዩ' ክብል ከሎ፡ መንፈሰይ ግን 'ይኽውን እዩ' ይብል።

ነፍሲ ወከፍና ኣብ መንጎ ስጋውን መንፈሳውን ባህርይና ውግእ ኣለና። ስጋና ንመንፈሳዊ ሓቂ ምቕባል ክኣቢ ከሎ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ዝበለና ይመስል 'ብዛዕባ ኢየሱስ ሕሰቡ፡ ንሱ እንታይ ምገበረ? ልብና ናብ ክርስቶስ ከተኩር ምስ ጀመረ መግረፊቱ፡ ማህረምቱ፡ ስቓዩን፡ መስቀሉን ይዝክረና። ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ርእሱ ደፍኣሉ። ደም ብገጹ ኲረር ይብል ነበረ። ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ኣእዳውን ኣእጋሩን ብመስማር ተሸንከረ። ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ተንጠልጠለ። ኣብኡ ሓጢኣተይን ሓጢኣት ኩላ ዓለምን ጾረ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ናብቶም ኣብ ትሕቲኡ ኮይኖም ዘላግጽሉን ዝጸረፍዎን ዝነበሩ እኩባት ሰባት ጠሚቱ 'ኣቦይ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፡ በደሎም ሕድገሎም' በለ።

ጐይታ ኢየሱስ በደልና ካብ ሓደገልና ከመይ ጌርና ደኣ ንሕና ነቶም ዝበደሉና በደል ዘይንሓድገሎም?! እቲ ናይ ሓቂ በደል ዝሓድግ ልቢ፡ ካብቲ ናትና ጉድኣት፡ እግዚኣብሄር ከም ዝዓቢ ዘስተውዕል ልቢ እዩ። ነቶም ዝበደሉና በደሎም እንተ ሓደግናሎም ኣግዚኣብሄር ግቡእ ዋግኦም ክህቦም ከም ዝኾነ ክንፈልጥ ይግባእ። መን እዩ በዲልካ? ሰበይትኻ፡ ሰብኣይኪ፡ ቤተ ሰብካ፡ መሳርሕትኻ፡ ሓላፊኻ፡ ወይ ዓርክኻ? ዝኾነ ይኹን እግዚኣብሄር በደሎም ክትሓድገሎም ክኽእለካ እዩ።

ቁስልኻን እቲ በደል ዘይሓድግ ልብኻን ናብ እግዚኣብሄር ኣምጽኦ። ንሱ ቁስልኻ ክዝንን ብሓይሊ ምሕረቱ ጌሩ ንልብኻ ክጥዕዮን እዩ።

# እናተሓተ ዝለዕል

## ሉቃ፣19፣1-10

ጐይታ እታ ናይ መወዳእታ ጊዜኡ ምስ በጽሔት ቅድሚ ናብታ ሰማያዊት የ ሩሳሌም ምስጋሩ፡ በዛ ሰይጣን ምስ ንዕ ኡ ዝመሰሉ ዝገዝአ ዝነበረ ምድራዊት የ ሩሳሌም ክሓልፍ ነይርዎ። ብግህዶ ንደቀ መዛሙርቱ ድማ ከም ዝመውትን ዝትንስ እን ክምህሮም ጀመረ። ስለዚ ድማ እዩ ጉዕዝኡ ብያሪኮ ገይሩ ንየሩሳሌም ዘቅንዔ። ያሪኮ ካብቲ ኣብቲ ዘመን ዝነበራ ከ ተማታት ብዘሕ ዕግርግርን ሸቐጥን ዝወረራ ከተማ ስለ ዝነበረት፡ ጐይታ ብእኣ ገይሩ ክሓልፍ ኣ ይትመርጸሉን። ግናኸ ጐይታ ኣብ ውሽጢ እዛ ብዕግርግር ዝተመልአት ከተማ፡ ብናይ ውሽጣዊ ጽምዋ ተበሊጎ ኣብ ሓጢኣት ጠንቅላዕላዕ እናበለት ትነብር ነፍሲ ይርኢ ስለ ዝነበረ፡ ብእኡ ክሓልፍ ብግዲ ኮይንዎ። እዛ ከተማ ዋላካ ቀደም ኣብ ዘመን እያሱ ብዓብዩ ድምጺ ምስጋና ፈረ ሳ እንተነበረት፡ ዳግማይ ተሰሪሓ ግና ብህንጻታት ጥራዩ ዘይኮነስ ብተገውትን ሓለቓታቶምን ተነዲቓ ኣብ ዓመጽ ዝ ተቐርቐረ ህዝቢ ዝነበረላ ከተማ እያ ነይራ። <u>እቲ ጉዕዞ ጐይታ ናብ ያሪኮ ድማ ከም በዓል ስምኦን ፈሪሳዊ ብጽድቂ መሰል ግብርታት ዝልለዩ ሰባት ንምርካብ ዘይኮነስ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ጠርዚ ናይ ዓመጻ ኮይኑ መራሒ መደብ ናይ ዓመጻ ዝነበረ</u>

> ግናኸ ጐይታ ኣብ ውሽጢ እዛ ብዕ ግርግር ዝተመልአት ከተማ ብናይ ውሽጣዊ ጽምዋ ተበሊጎ ኣብ ሓጢኣ ት ጠንቅላዕላዕ እናበለት ትነብር ነፍ ሲ ይርኢ ስለ ዝነበረ ብእኡ ክሓልፍ ብግዲ ኮይንዎ።

<u>ዘኬዎስ ንምርካብ እዩ።</u>

ስራሕ ዘኬዎስ ሓለቓ ተገውቲ እዩ ነይሩ። ግናኸ ብዓመጻ'ውን ሓለቓ ከም ዝ ነበረ በቲ ነንዕለቱ ዝገብሮ ዝነበረ ግብረ ብሩህ እዩ። እቲ ሸቦጥ ናይ ዓመጽኡ ዘየ ረኻኽበሉ ሰብ ዘይነበረ ክነሱ ኸኽርስቶስ ግና ክይረኣዮ ይነብር ነይሩ። ካብቲ ዝ

ገርም ግና ኣዝዩ ሃብታም ሰብኣይ ምንባሩ እዩ። ኩሉ እቲ ብገንዘብ ክዕደግ ዝኽእል ነገር ገዚኡ ወዲእዎ'ዩ። ክርስቶስ ግና ብገንዘብ ክተጥርዮ ስለ ዘይትኽእል ዘመኑ ብዘይ ክርስቶስ ይነብር ነይሩ። ዘኬዎስ ቁመቱ ሓጺር እዩ ነይሩ። ግናኸ ቑመት ጥራይ ዘይኮነስ ጽድቂ'ውን ሓጺርዎ ዝነብር ዝነበረ ሰብ እዩ። ጐይታ ግና ቅድሚ ዘኬዎስ ኣየናይ መኺኑ ክርእዮ ምድላዩ፡ ገና ካብ ክርሲ ኣዲኡ ወጺኡ ኣብ ሕብረት እቶም ዓመጽቲ ተገዊቲ ክሓብር ክሕልን ከሎ ይደልዮ ነይሩ። ስለዚ ናይ ጐይታ ምድላይ ይቕድም ነይሩ።

ንምንታይ ኮን ይኸውን ዘኬዎስ ክርእዮ ደልዩ? እቲ ምኽንያት ዳርጋ[1] ምስቲ ዝንኡ ዝተተሓሓዘ ስለ ዝነበረ፡ እዚ ኣይተጋዊ ኣይፈረሳዊ ማዕረ ክንድዚ ግኑንሲ መን ኮን ይኸውን ኢሉ እዩ። ግናኸ ኣብ ዘመናት ኩሉ ከም ኢየሱስ ዝበለ ግኑን ኣይተራእየን። ኣፉ ዘይከፈተ ክነሱ ከም ብመቃልሒ ብዙሓት ዝንኡ ዘውርይሉ ኣዝዩ ግኑን ነይሩ። ዘኬዎስ ድማ ብዛዕባ እዚ ውሩይ ሰብ ከውርየሉ ዘኽእሎ ደገ እናኸፈተ ክበለሓት ጀመረ። እቲ ሓሳብ ኣብ ውሽጡ ክንዩ ጽቡቕ ድሌት ቅዱስ ቅንኢ ስለ ዝነበረ ምስ ውርዝይንኡ ዘይመዓራረ ስራሕ ቆልዓ ክሰርሕ ከሎ ንርኢ። እዚ ድማ እቲ ጐይታ መንግስቲ ኣምላኽ ከም ቆልዓ እንተዘይኮንኩም ኣይትኣትውዋን ኢኹም ዝበሎ ቃል የዘኻኽረካ። ዘኬዎስ ግና እቲ ደጋዊ ኣካሉ ልዕል ይበል እምበር፡ እቲ ውሽማዊ ሰቡ ካብቲ ደይብሉ ዝንበረ ዙፋን ሓጢኣት ናብ እግሪ ጐይታ ገጹ ክወርድ ከሎ ይርኣየካ። ከምኡ'ውን ክንዮ እቲ ዝሓኸረሉ ሳግላ በቲ ያእቆብ ብሕልሙ ዝረኣዮ መንፈሳዊ መሳልል፡ ናብቲ ናይ ጐይታ ሓሳብ ናብ ላዕሊ ገጹ ይሓኩር ምንባሩ ይርኣየካ። ኣብ ዘመናት ኩሉ ናብቲ ልዕል ዝበለ ቦታ እግዚኣብሄር ጸዊዕዎም ክነሱ ልዕል ምባል ዝኣበዩ ብዙሓት እዮም ነይሮም ሆሴ፡117 ኑቲ ኣብ ዘመናት ምርኡይ ዝኾነ ክርስቶስ ድማ ክርእዮን ክድንቖን ከሎ ትርእዮ። ዘኬዎስ እዩ ሽዑ ዝርእዮ ነይሩ እምበር ጐይታስ ገና ኣብ እግሪ እቶም ነዋሕቲ ተኸዊሉ ከሎ ይርእዮ ነይሩ። ደሓር ጐይታ ኣንቃዕሪሩ ኣብ ቤትካ ክውዕል ይግብኣኒ እዩ ኢልዎ። ዘኬዎስ ኢሉ ድማ ጸዊዕዎ። ሽሙ ንጐይታ ዝነገሮ ኣይነበረን፡ ግናኸ እቲ ክይፈልጥካዮ ስም ክብረት ዝሀብ ገይታ ብስሙ ጸዊዕዎ። ከምቲ ንዳንኤል ዳንኤለ፡ ንዳዊት ዳዊት ሕሩየይ እናበለ ጐይታ ብኣባታውነቱ ክግለጸልካ፡ ካብዚ ዝዓቢ ሓጐስ የለን። እቲ ካልእ ትርእዮ ናይ ጐይታ ዕዮ ኣንቃዕሪሩ ጠሚቱ ዝብል እዩ። ጐይታ ካብ ላዕሊ ሰማያት ወሪዱ እቲ ኣብ ምድሪ ዝነበረ ሰብ ክኣ ልዕል ኢሉ እሞ ጐይታ ኣንቃዕሪሩ ክጥምቶ፡ ካብቲ ትሕቲ ኢሉ እግሪ ነፍሲ ወከፍ ሃዋርያት ክሓጽብ ምምብርካኹ ፈሊኻ ክትርእዮ ዘይትኽእል ባህርዩ እዩ። ጐይታ ኣብቲ ናትና ቦታ ንሕና ድማ ኣብቲ ናይ ጐይታ ቦታ ኰንና ንነብሮ ዝነበርና ዘመንና ድማ፡ ከምቲ የውሃንስ መጥመቕ ልዕል ዝበለ ሰጠሕ፡ ስንጭሮ ድማ ልዕል እሞ ኩሉ በጥ ዝበለ መንገዲ ይኹን ዝበሎ ክዕ

ረ ክሎ ትርእዮ። ስለዚ ድማ ዜኬዎስ ካብቲ ደይብዎ ዝነበረ ብልዕሊ እቲ ንኽድይብ ዝቐልጠፎ ምቕልጣፍ-ቐልጢፉ ወሪዱ። ጐይታ ቅድሚ ኣብ ገዛ ዜኬዎስ ኣብ ልቢ ዜኬዎስ ርሒብ ቦታ ረኺቡ ነይሩ። እቲ ጐይታ ኣብ ቤትካ ክውዕል ይግባኣኒ'ዩ ዝበሎ ድማ እቶም ገና ካብ ዝውለድ ጀሚሩ ክንዮ ገዝኦም ኣብ ማሕደር ኣጋይሽ'ውን ስፍራ ዘየዳለውሉ ኣይሁድ ኣብ ልብን ቤትን ዜኬዎስ ከም ዝረኸቦ ይርኣየካ። ወንጌል ሓያል እዩ። ግናኸ ኣይጓንጽን እዩ። ኣብ ገዛኻ ደኹሕኩሕ እምበር ደፊኡ ኣይኣትውን እዩ። ብዙሕ ጊዜ ንጐይታ ዝኸውን ልቢ ስለ ዘይብልና፡ ንጐይታ ዝኸውን ቤትን ገንዘብን ድማ ዘይብልና ኴንና ንተርፍ። ልቢ ዜኬዎስ ግና ኣብ ኢድ ጐይታ ከም ትሕጃ ምስ ተዋህበ እቲ ቤት'ውን ከምኡ ንጐይታ ተዋሂቡ ነይሩ። እቲ ትርእዮ ድንቂ ኣሰራርሓ ጐይታ ድማ ዜኬ ምስ ክብረቱ ደርብዩ ከም ቆልዓ ክሓኩር ክወርድ ከሎ፡ ጐይታ'ውን ናብ ቤቱ ኣትዩ ክኽብሮን ብጽድቕን ተሰማሚዕዎ። ዜኬዎስ ክርእዮ ጥራዩ እዩ ተመንዩ። እቲ ካብ ልመንኡ እምብዛ የዕዚዙ ዝሓብርን ክገብር ዝከኣሎን ግና ልዕሊ ምርኣይ ኣብ ቤቱ ክውዕል መሪጹ። ስለዚ ድማዩም ከም ብዓል ዳዊት ዝበሉ ቅዱሳን 'ዎ ኣምላኽ ሓሳባትካ ንዓይ ክንደይ ክቡር እዩ ቁጽሩስ ክንደይ ዓብዩ እዩ' እናበሉ ነቲ ልዕሊ ኣእምሮ ዝኾነ ሓሳብ ኣምላኽ ዘድንቕዎ ዝነበሩ መዝ:139:17 ሃና'ውን ሓደ ውሉድ ጥራይ ለሚና ጐይታ ግና ልዕሊ እታ ፈራይት ማህጸን ብኣዝዩ ክንገር ዘይክእል ቃላት ገይሩ ባረኽዋ። ኣሰራርሓ እዚ ጐይታ እዚ ድማ ኩሉ ሳዕ ይገርመካ። ምንጪ ናይ ዜኬዎስ ሓጎስ ድማ እቲ ልዕሊ ኩሉ ምርዳእ ዝኾነ ሓሳብ ጐይታ ነይሩ። ግሩም ሓጎስ! ካብቲ ባህ ዝብል እቲ ዘመኑ ብገዝኡ ገንዘብ ተሓጊሱ ዘይፈልጥ ልቢ ሎሚ ነዚ ክርስቶስ ብምርካብ ክሕጐስ ከሎ ትርእዮ። እቲ ምኽንያት ድማ መዝገብ ዜኬዎስ ካብቲ ገንዘብ ተልዒሉ ኣብ ላዕሊ ምስ ክርስቶስ ስለዝኾነ እዩ። ብኣንጻር እዚ እቲ ጐበዝ ሃብታም ሰብኣይ ውላድካ ናይ ዘልኣለም ህይወት ይደሊ እንተነበረ። ንኢየሱስ ድሕሪ ገንዘቡ ሰሪዕዎ ስለ ዝነበረ

> *ጐይታ ቅድሚ ኣብ*
> *ገዛ ዜኬዎስ ኣብ*
> *ልቢ ዜኬዎስ ርሒብ*
> *ቦታ ረኺቡ ነይሩ።*

እናጐሃየ ተመሊሱ። ክልቲኦም ሃብታማት እዮም ነይሮም። ምስ ኢየሱስ ድማ እዩ ነይሩ ርክቦም ግናኸ ብኽልተ ዝተፈላለየ ልቢ ይመላለሱ ነይሮም። ስለዚ ክርስቶስ ንገሊኦም ሓጎስ ንገሊኦም ከኣ ንጓሂ ምኽንያት ነይሩ።

እቶም ብዛዕባኦም ዝተጸሕፉ ዘይፈልጡ ጸሓፍቲ ግና ብሰንኪ እቲ ለቢሶምዎ ዝነበሩ ትዕቢት፡ ኣብቲ ፍሉይ ኣሰራርሓ ጐይታ ተዓዚብቲ ጥራይ ነይሮም። ክማቐሉ ስለ ዘይከኣሉ'ውን በቲ ዘይግዙር መልሓሶም ይነቕፍዎ ነይሮም። ንጐይታ ድማ ኣብ ቤት ሓጥእ ሰብኣይ ክውዕል ኣተወ ኢሎም ነቲ ጽዩቕ ጽድቆም መሲሶም ይጽዩቑ ነይሮም። ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ ገለ ጽድቂ ዘለካ መሲልካ ምርኣይ ነቲ ብመለኮታዊ ኣጻብዕ ዝተነጽፈ ጽድቂ ክርስቶስ ከም ምቑንጻብ እዩ ዝቑጸር። ባዶነትካ ምእማን መሊእካ ንኽትነብር ምኽንያት እዩ። ፈሪሳውያን ግና እቲ መጋረጃ ተዘርጊሕዎም ከሎ ብዝተጋርደ የዒንቲ ንዝተኸፍታ የዒንቲ የዋርዱ ነይሮም። ብነብዩ ኤርምያስ'ውን ከምዚ ይብሎም 'ካህናት እግዚኣብሄር ኣበይ ኣሎ ኣይበሉን ሕጊ ዝሓዙ ድማ ኣይፈለጡንን ይብል ኤር፡2፡8' ሕጊ ሒዝካ ከሎኻ ማእከል ናይቲ ሕጊ ዘይምፍላጥ ኣሎ። በዚ ህይወት ድማ'ዮም ነቲ ቃል ክርስቶስ ዝሰምዔ ዜኬዎስ ክፈርድዎ ዝጀመሩ። እቲ ዝገርም ግና እቶም ፈሪሳውያን ጥራይ ዘይኮኑስ ኩላቶም እቶም ህዝቢ ምዕዝ ምዛሞም እዩ። ምዕዝምዛም ናይዞም ሰባት ሚዛን ክፍኣቲ ልዕሊ እቲ ደቂ እስራኤል ዘዕዘምዝምዎ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብ ምኽንያት ዘይህብ ዕዮ ጐይታ የዕዝምዝሙ ስለ ዘለው። ህይወት ዘኬዎስ'ውን ድሓር ምስ ብዓል ንግስቲ ኣዜብ ተንሲኡ ከም ዝኹንኖም ኣይርእዩን ነይሮም። ስለዚ ኣብ ዘመንና እቶም ልዕሊና ኣብ እግሪ ጐይታ ክምብርከኹ ዝመረጹ እሞ ጐይታ ኣብ ህይወቶም ክዓይይ ዝመረጸ ክንዮ ኣጸብዕና መልሓስና ነዋጣውጠሎም ከይንህሉ ንጠንቀቕ። ንጽድቂ ካብ ሚዛን ፈሪሳውነት ሚዛን ተጋውነት ከም ዝቐርብ ህይወት ዘኬዎስ ኣብነት እዩ። ሎሚ'ውን ብምኽንያት እቲ ሒዝናዮ ዘለና ሕጊ ኣምላኽ ንጐይታ ከይፈለጠ ዝነብር ህይወት ሒዝና ንነብር ከይንህሉ ክንጥንቀቕ የድሊ።

**ክርስትና ግና ልዕሊ ብምድራዊ ነገር ብሰማያዊ ቅጺ እሞ ከኣ ብደገኻ ጥራይ ዘይኮነስ ብውሽጥኻ'ውን ትነብሮ ናብራ እዩ።**

እቲ ብድሕሪዚ ንርእዮ ነገር እቲ 180 ዲግሪ ዝተጠውየ ህይወት ዘኬዎስ እዩ። እቲ ኣብ መዝገበ ቃሉ ምምንዛዕን ምእካብን ዝብሉ ቃላት ጥራይ ዝመልኦ ህይወቱ ሕጂ ሓድሽ ምሃብ ምልጋስ ዝብሉ ቃላት ክፈልፍል ጀሚሩ። ካብ ምቕባል ምሃብ ኣዝዩ ከም ዝባርኽ ካብቲ

ህይወቱ ንዓና ብምሃብ ዘፍቐረና ጐይታ ተማሂርዎ። ኣብ ክርስትና ካብ ብምእካብ ብምሃብ ዝርከቡ በረኸት ይብርክት። ከምቲ ሓረስታይ ብእምነት ኑቲ ዘርኢ ን መሬት ዝህባ ምድሪ ድማ ሓይላ ትህቦ እሞ ዕጽፊ ፍረ ዝሓፍስ። ዘኬዎስ ልዕሊ እቲ ብምዕማጽ ዝረኸቦ ዝነበረ ሃብቲ ብምሃብ ዝረኸቦ ብሉጽ ሃብቲ ክስተማቕር ጀሚሩ። እቲ ናይ መጀመርታን ብገንዘብ ዘይዕደግን ሃብቲ ከኣ 'ምድሓን ነዛ ቤት ኮ ነላ' ዝብል እዩ። ምሃብ ናይ ብሓቂ ተኸስ ብ ወፍሪ ምዃና ተረድኢዎ ጥራይ ዘይኮ ነስ ተሰዊጥዎ'ውን ዝነበረ'ዩ ዝመስል። ካብቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ድማ ዝዓመጽክዎ እንተሎ ፈረቓ ጥራተይ እህብ ዝብል እዩ። ፍርቂ ጥሪት ብዙሓት ነገስታት ንሓደ ነገር ምስ ተሓጉስሉ ዝህብዎ (ዝምሕልዎ) ዝዓበ የ ማሕላ እዩ ነይሩ። ንኣብነት ሄሮድያዳ ምስ ሳዕስዔት ሄሮድስ ክሳብ ፍርቂ መንግስ ቱ ኣፍቂዱላ። ስለዚ ፍርቂ ናይቲ ኣብ ልብኻ ቦታ ዝሓዘ ነገር ዝዓበየ ህያብ እዩ። ጐይታ ንዘኬዎስ ዝኾነ ዝሰበኹሉ ስብከት ኣይነበረን። ግናኸ እቲ ልዕሊ ብቃላቱ ብህይወቱ ዝዛረብ ጐይታ ንዘኬዎስ ኣንጻር እቲ ዝጐዓዞ ዝነበረ ጉዕዞ ክጉዓዝ ገይርዎ። ኣብ ሓደ ጽሑፍ ከምዚ ኣንቢበ 'ጊዚኡ ዝሓለወ ስቕታ ካብ ቃላት ንላዕሊ ይዛረብ' ይብል። እቲ ሱቕ ብምባሉ ን ጲላጦስ ንጹህ (በዓሊ ዘይብሉ) መኺኑ ዘርኣየ ጐይታ ንዘኬዎስ'ውን ብከምዚ ምስኡ ክውዕል ብምምራጹ ናይ ባህርዩ ለውጢ ኸክገብር ደሪኽዎ። ናይ ህይወት ቃላት ልዕሊ ናይ ኣፍ ቃላት ይዛረብ። ኣ መንቲ ዘመንና ግና ካብ ብህይወትና ብስ ብከትና ኢና ንልለ። እቲ ዝዓበየ ካብ ጐይታና ዝተመሃርናዮ ትምህርቲ ድማ ዝ ዛረብ ህይወትን ዝዛረብ ኣካይዳን ሒዝካ ምንባር እዩ። ሓደ ጊዜ ዝሰማዕክዎ ዛንታ ትዝ ይብለኒ። ሓንቲ ቤተክርስትያን

> ግናኸ እምነት ኣ
> ብርሃም ዘይብልካ ወዲ
> ኣብርሃም እየ ምባል
> ካብ ፍጹም ስጋዊ ሰብ
> ምዃን ሓሊፉ ካልእ
> ክኸውን ኣይክእልን እ
> ዩ።

ብምምልላስ ብኣዲኣ ብዙሕ ኣ ዳራዕ ዝወርዳ ዝነበረት ሓፍቲ ነበረት። ካብ ዘይምስምማዓን ዝተላዕለ ዕግርግር ዝ መልአ ቤት ኮነ። ሓደ መዓልቲ ሰንበት ምሸት እዛ ሓፍቲ ክዳውንታ ቐይራ ኩሉ ወዲኣ ናብ ቤተክርስትያን ክትብገስ እዛ ሰበይቲ ረሳሕ ናይቲ ገዛ ክዳውንታ ኣውጺኣ 'ሕጂ ኣይትወጽእን ኢኺ ክዳውን ቲ ክትሓጽቢ ኢኺ' ኢላ ምውጻእ ከልኣ ታ። እዛ ሓፍቲ ክዳውንታ ካልኣይ ቀይራ (ናይ ስራሕ ክዳን) ገይራ ኑቲ ክዳውንቲ ክትሓጽብ ጀመረት። እታ ሰብይቲ ከኣ ኣ ብ ኣፍ ደገ ኮይና ጀመረት። እዛ ሓፍቲ

ገሪምዋ 'እንታይ ኮንኪ ኣደይ ክትብል ሓተተታ እታ ሰበይቲ ኣብ እግራ ተምበርኪኻ ንጓላ ይቕሬታ ክትሓታ ጀመረት። እዛ ሓፍቲ በዚ ቅጽበታዊ ለውጢ ኩነታት ተደናገጊራ። እቲ ምኽንያት ድማ እናሓጸበት ከላ መልኣኽ ኣምላኽ ከቢበምዋ ከጸናንዕዋ ከለው ኣዲኣ ክም ዝረኣየት ነገራታ። ደሓር ብዙሕ ናይ ኣደን ውሉድን ምስዕዓም ተሰዓዒመን ተታሒዘን ድማ ናብ ቤተክርስትያን ከዳ።

ነቲ ኣብ ዘመናት ምርኡይ ዝኾነ ክርስቶስ ድማ ክርእዮን ከድንቖን ከሎ ትርእዮ። ዘኬዎስ እዩ ሽዑ ዝርእዮ ነይሩ እምበር ጐይታስ ገና ኣብ እግሪ እቶም ነዋሕቲ ተኸዊሉ ከሎ ይርእዮ ነይሩ።

ዝዛረብ ህይወት ናይዛ ጓል ነቲ ዘይዛረብ ከውሒ ልቢ ናይ ኣዲኣ ሰቢሮዎ። ህይወት ዘኬዎስ'ውን እቲ ዘይግዙር ተጋውነቱ በቲ ብህይወቱ ዝዛረብ ክርስቶስ ተሰይሩ። እቲ ካልእ ዘኬዎስ ዝወሰዶ ስጉምቲ 'ዝዓመጽክዎ እንተሎ ኣርባዕተ ዕጽፊ እህብ ዝብል እዩ። ኣርባዕተ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ፍጹም ምሉእ ዝኾነ ዝፋን ኣምላኽ እዩ ዝውክል። እቶም ኣርባዕተ እንስሳ፡ ኣርባዕተ ንፋሳት፡ ኣርባዕተ መኣዝናት... ወዘተ ኩሉ ናይ እግዚኣብሄር መለኮትነት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረት የመልክት። ስለዚ ዘኬዎስ ተለዊጡ ጥራይ ዘይኮነስ ፍጹም ምልዋጥ በቲ ሰማያዊ ኣሰራርሓ እዩ ተለዊጡ። ምሉእ (ኣርባዕተ) ካሕሳ ድማ ክኸሕስ ጀሚሩ፡ ኣብዚ ዝርኣየካ ምስጢር ናይ ንስሓ እዩ። ካብ ብኣፍ ንላዕሊ ብግብሩ ዝንሳሕ ዘሎ ሰብ! ምንሳሕ ማለት ካብቲ ትኾዶ ዝነበርካ መንገዲ ምምላስ ጥራይ ዘይኮነስ ኣንጻር ናይቲ ትገብሮ ዝነበርካ ክኣ ምግባር ማለትዩ። ስለዚ ድማዩ እቲ ዘመኑ ብጀካ ብምውሳድ ጥራይ እምበር ካልእ ዘይፈልጥ ዝነበረ ሕጂ ክህብ ከሎ ትርእዮ። ተራ ምሃብ ዘይኮነስ ኣርባዕተ ዕጽፊ ገይሩ ይህብ ነይሩ። ብዙሕ ጊዜ ካብ ዝኾነ ዓይነት ሓጢኣት ተመሊስና ደው ንብል ኢና። ጐይታ ግና ብኣንጻሩ ናብቲ ናይ ላዕሊ ጽውዓ ናብ ጽድቂ ገጽና ክንስጉም ክም ዝግብኣና ደጋጊሙ የዘኻኽረና። እቶም ካብ ስርቂ ዝተመለስና ናብ ምሃብ፡ ካብ ምንዝርና ዝተመለስና ናብ ቅድስና፡ ካብ ሓሶት ዝተመለስና ድማ ናብ ሓቂ ገጽና ክንስጉም ምስቲ

ምስ ዘኬዎስ ዝተረኽበ ክርስቶስ ንረኽብ።

ኣብ መወዳእታ ጐይታ ንዘኬዎስ ወዲ ኣብርሃም ምዃኑ ይሕብሮ። እቶም ብርእሶም ደቂ ኣብርሃም ኢና ኢሎም ዝ ምክሑ እንታይ ከም ዝብሉ ይርኣየካ። ግናኸ እምነት ኣብርሃም ዘይብልካ ወዲ ኣ ብርሃም እየ ምባል ካብ ፍጹም ስጋዊ ሰብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን እ ዩ። ክንዮ እቲ ስጋዊ ሓረግ ካልእ ዝ ርእይዎ መንፈሳዊ ሓረግ ስለ ዘይነበረ ነቲ ብክርስቶስ ምኽንያት ምስ ኣብርሃም ዝተራ ኽበ ዘኬዎስ ይነቕፍዎ ነይሮም። ኣብ ናይ ክርስትና ህይወት ግና ዓሌት፡ ዘርኢ፡ ወለዶ፡ መልክዕ፡ ሃብቲ፡ ትምህርቲ ፊጺሙ ከም ረቋሒ ኮይኑ ኣይፈልጥን። እዛ ቤት ካብ ኩላ ምድሪ ዝተፈላለዩ ዓይነት ቋን ቋታት ዘለዎም ሰባት ዝኣከበት እያ ነይራ። ሕጂ'ውን እቶም ዘይተጸርቡ ክርስ ትያናት ነዚ ባህርይ ሒዞም ናብ ውሽጢ ቤት ኣምላኽ ክኣትው ይፍትኑ እዮም። ክርስትና ግና ልዕሊ ብምድራዊ ነገር ብ ሰማያዊ ቅጺ እዋ ከኣ ብደኺ ጥራይ ዘይኮነስ ብውሽጥኻ'ውን ትነብሮ ናብራ እ ዩ። ሓደ ጸሓፊ ከምዚ ይብል 'ንሓሳብ ኣ ምላኽ ኣብ ኣእምሮኻ ምግልጋል መፍትሒ ኩሉ ግድል'ዩ' በዚ ድማ ክርስትና እንኳዕ ኣብ ውሽጥኻ ዝንበር ናብራ ኮ ነ ትብል። ንቤት ዘኬዎስ ድማ ንዘልኣለም ምድሓን ክኾና ከሎ ትርእዮ። ዘኬዎስ ብዓ መጺ ዝመልእት ቤት የዕቢ ስለ ዝነበረ በታ ጐይታ ናብኡ ኽኸመጽእ ዝተሰማማዓ ምስምማዕ ምድሓን ዝረኸበት ቤት ኮይና። እምነት ዘኬዎስ ንእምነት ቤቱ ደገፍን ረቋሒን ነይሩ። እዚ ድማ ኣብ መብዛሕትኦም ናይታ መጀመርታ ቤተክርስ ትያን ህይወት ባህርይ ነይሩ። ምስ ስ ድራኦም ምእማን ድማ ነታ ማሕበር ኣ ምላኽ ካብ ኣብ ድሩት ቤት ኣብ ውሽጢ ገዛውቲ ንኽትዝርጋሕ ረቋሒኦ ነይሩ። ናይ ዘመንና ስድራ ቤትከ? እቶም ንስድራና ብብርሃንና ብርሃን ዝኾንናዮም ጐይታ ይባርኾም። እቶም ብሰንኪ ወንጌል ዘይኮ ነ ብሰንኪ ጊዜያዊ ስምዒታትና ን ቤትና ዝኸውን ብርሃን ተሳኢኑና ዘሎ ሓደ መዓልቲ ጐይታ ክሓተና እዩ። እቲ ኣብ ጳውሎስ ምእንቲ እቶም ብስጋ ኣዝማዱ ዝ ነበረ ቅንኣት ሎሚ'ውን ኣባና ክሓድር እሞ ክንዓየሉ ከድልየና እዩ።

ንመጠቓለሊ እቲ ኣብ ዘመ ኑ ንክርስቶስ ርእይዎ ክነብር ዝደሊ፡ ከም ዘኬዎስ ንጐይታ ዝናፍቕን ዝደልን ህይወት ክህልዎ ይግባእ። እቲ ኣብ መንፈ ሳዊ ህይወት ጐይታ ንዓይ ዘዳለወለይ በረኸ ት ክርእይ ይደሊ'የ ዝብል መጀመርታ ካብቲ ደይብዎ ዘሎ ይውረድ። ሽው ከም ማርያም ኣብ እግሪ ጐይታ ኮይኑ ካብኡ ዘይውሰድ ግደ ክመርጽ እዩ። ዘመንና ድማ በቲ ዘኬዎስ ዝተሓጐሰ ሓጐስ ተሓጒስና ክንነብር ኢና።

ሳሙኤል ኣብርሃ

# መከራ

ሰባት ኣብዚ ምድሪ እዚ ብዝተፈላለየ ምኽንያት በብዓይነቱ መከራ ይበጽሖም እዩ። እቲ ቀዳማይ መከራ ብናይ ተፈጥሮ ምዝንባል ዘስዕቦ ጥሜት፡ ሕማም፡ ስደት ሞት ወ.ዘ.ተ ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ መከራ ድማ ብተጻባእቶም ዝወርዶም መከራ ኮይኑ ጸርፊ፡ መውቃዕቲ፡ ማእሰርቲ፡ ሞት ወ.ዘ.ተ. የጠቓልል። ክርስትያን ድማ ሰዓቢ ክርስቶስ ስለዝኾኑ ምስቶም ተጻረርቲ ዝኾኑ ሰልፊ ሰይጣን ቀጻሊ ክራጸም ግድን እዩ። ኸም ውጽኢት ናይዚ ድማ ብመከራ ምሕላፍ ቅቡል ይኸውን። እዚ ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ዝወርድ መከራ ንመንግስቲ ኣምላኽ ንምድፋእን ነቲ ጩራ ብርሃን ወንጌል ንምድፋንን ዝዓለመ ኮይኑ ብዓይነቱ እውን ብዙሕ እዩ። 'ናይ ጻድቃን መከራ ኣብ ምድሪ ብዙሕ እዩ' (መዝ:34:9)። ብዙሓት ናይ እምነት ጀጋኑ ድማ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተናን መከራን ብምሕላፍ እግዚኣብሄር ኣኽቢሮም እዮም።

ንእብነት ዮሴፍን ሚክያስን ተሓይሮም፡ ኤርምያስ ኣብ ጉንዲ ተኣሲሩ ኣብ ጉድጓድ ቤት ማእሰርቲ ተደርብዩ፡ ሲድራቕ ሚሳቕ ዓብዲናጎን ናብ ግሁር እቶን ሓዊ ተደርብዮም። ዳንኤል ኣብ ጉድጓድ ኣናብስ ተደርብዩ፡ ዮውሃንስ መጥምቕ ተሰይፉ፡ ዘካርያስ ወዲ ዮናዳ ኣብ ኣረት እስጢፋኖስ ድማ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብእምኒ ተወጊሮም ሞይቶም፡ ሃዋርያ ጳውሎስ እውን ነቲ ዝበጽሖ መከራ ብኸምዚ ዝስዕብ ጌሩ ይገልጾ፡ 'ሓደ ከም ባርያ እንተገበረኩም ሓደ እንተ ወሓጠኩም ሓደ እንተ ሓዘኩም ሓደ እንተ ኾርዓልኩም ሓደ ገጽኩም እንተጸፍዓኩም ትዕገስዎ ኢኹም። ንሕና ድኹማት ኴንና ከም ዝነበርና ብናይ ውርደት እብል ኣለኹ ግናኸ በቲ ሓደ ካልእ ዝፈርደሉ ብዕሽነት እየ ዝብል ዘለኹ ኣነ እውን እደፍር እየ። እብራውያን ድዮም ኣነ እውን እየ። ኣገልገልቲ ክርስቶስ ድዮም፡ ከም ጽሉል ኢየ ዝዛረብ ዘለኹ፡ ኣነ እበልጾም እየ። ብኣይሁድ ሓሙሽተ ጊዜ ነርብዓስ ሓደ ጎደል ተገሪፈ። ሰለስተ ሻዕ ብሽመል ተዘቢጠ፡ ሓደ ሳዕ በእማን ቀጥቀጡኒ፡ ሰለስተ ሳዕ እታ ዝነበርክዋ መርከብ ተሰብረት፡ ለይትን መዓልትን ኣብ መዓሙቕ ባሕሪ ሓዲረ ወዓልኩ፡ ብዙሕ ጊዜ ኣብ መገሻታት ነይረ ኣብ ርባታት ብፍርሃት፡ ካብ ከተርቲ ብፍርሃት፡ ካብ ደቂ ዓደይ ብፍርሃት ካብ ኣህዛብ ብፍርሃት፡ ኣብ ከተማ ብፍርሃት፡ ኣብ በረኻ ብፍርሃት፡ ኣብ ባሕሪ ብፍርሃት፡

ኣብ ማእከል ኣሕዋት ሓሶት ብፍርሃት ኢ.
የ ዝነበርኩ። ብዕዮን ብጻዕርን ብዙሕ ጊዜ
ብምንቃሕ፡ ብጥሜትን ብጽምእን ብዙሕ
ጊዜ ብጾምን ብቑርን ብዕርቃንን ነይረ። ኣ
ብ ልዕሊ እዚ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኹሉ ነገር
ኣብ ጸጽባሕ ዝጸበኒ ማለት ብዛዕባ እቲ ኹ
ላተን ማሕበራት ዝሓልዮ ዘለኹ ሓልዮት እ
ዩ።' (2ቆረ፡11፡20-28) ሃዋርያት እውን
ተጸሪፎም፡ ተገሪፎም፡ ተኣሲሮም ብኹሉ ዓ
ይነት መከራ ሓሊፎም ኣብ መወዳእትኡ
ድማ ጉዕዝኦም ብሰማእትነት ደምዲሞም።
ጐይታና መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ
መብልዕ ማል ተወሊዱ፡ ብህጻንነቱ ናብ
ምድሪ ግብጺ ተሰዲዱ፡ ብጸሓፍትን ፈሪሳው
ያንን ተጸሪፉ ተዋሪዱ መወዳእትኡ እውን
ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ።

ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ዝነበሩ
ቅዱሳን ብቄሳራት ሮማ ከም ሕሱም ይህደ
ኑ ስለዝነበሩ ኩሉ ጥሪቶም፡ ንብረቶምን
ክብረቶምን ገዲፎም ብጥሜት ብቑሪ ኣብቲ
ጸልማት ካታካምበ ዝበሃል በዓቲ ንምግላጹ
ኣጸጋሚ ብዝኾነ ሓሳረ መከራ ጸጊቦም
መወዳእትኡ እውን ብሰማእትነት ጉዕዝኦም
ዛዚሞም። ኣብ ጊዜ ዴስነት (ኮምዩኒዝም)
ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብፍላይ ኣብ
ምብራቕ ኣውሮጳን ቻይናን ዝነበሩ ክርስት
ያናት ንምግላጹ ኣጸጋሚ ሓሳረ መከራ
በጺሕዎም ብዙሓት ድማ ንጐይታ ኢየሱስ
ኣኽቢሮም ሰማእት ኮይኖም። ሕጂ እውን
ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ክርስትያናት
ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይሳቐዩን ይከላበቱን ኣ
ለው። 'ናይ ጻድቃን መከራ ኣብ ምድሪ
ብዙሕ እዩ' (መዝ፡34፡19)።

'.... ካልኦት እውን ተሰቀዩ እሞ ዝ
ሓይሽ ትንሳኤ ምእንቲ ክረኽቡ ኢሎም
ምሕረት ኣይደለዩን፡ ገሊኣቶም ድማ
ብልግጫን ብመግረፍትን ኣብ ልዕሊ እዚ
እውን ብመቑሕን ማእሰርትን ተፈተኑ።
ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ፡ ተመገዙ ተፈተኑ፡
ተሰይፎም ሞቱ፡ ኣጐዛ ኣባጊዕን ዲና ኣ
ጣልን ተኸዲኖም ዞሩ ሰኣኑ፡ ጸበቦም ሓሳረ
መከራ ጸገቡ። ዓለም ንዓታቶም ዘይትበቅዕ
ኮይናስ ኣብ በረኻታትን ኣብ ኣኽራንን ኣብ
በዓትታትን ኣብ ጐዳጉድ ምድርን ኰለል
በሉ።' (እብ፡11፡32-38)

እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ሓ
ሳባት ሓደ ንጹር ስእሊ የርእየና፡ ንሱ
ድማ ስደትን መከራን ናይ ጻድቃን ካብ
ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ክሳብ ምጽኣት ምኻ
ኑ የረድኣና። ስለምንታይ ግን እዚ ኹሉ
መከራን ጸበባን ኢልና እንተ ሓቲትና መል
ሱ ዋጋ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ እዩ። ዝኾ
ነ ደኹን ነገር ይዕበ ይንኣስ፡ ይሕመቕ
ይጸብቕ ዋጋ ይሓትት እዩ። መንግስቲ ኣ
ምላኽ እውን ብዓይኒ ዘይተራእየ ብእዝኒ
ዘይተሰምዐ ኣብ ልቢ ሰብ ዘይተሓሰበ ጣዕ
ምን ውቃበን ኣለዋ (1ቆረ፡2፡9)። ስለዚ
ድማ ዝኾነ ሰብ መንግስቲ ኣምላኽ ንርእሱ
ክወርስን ኻልኦት ክውርስን እንተኾይኑ
ናይ ዘልኣለም ህይወት ንምርካብ ዝኸፈል
ክቢድ ዋጋ ከፊሉ ብዘሰቅቕ ኩነታት
ክሓልፍ በበይኑ ዓይነት መከራ ክጸግብ
ግድን እዩ። መንግስቲ ኣምላኽ እናተዛናኻ
ክትወርሳን ክተስፍሓን ኣይትኽእልን ኢ.
ኻ። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ናብ
መንግስቲ ኣምላኽ ብብዙሕ ጸበባ ክንኣቱ
ይግብኣና እዩ ዝበለ (ግብ፡14፡22)።

እቲ ዓቐን ናይ መከራ ድማ ኣ

ብቲ ንሰባት ብወንጌል ንምብጻሕ ተካይዶ ተወፋይነት ይምርኮስ። ማለት ብርሃንካ አ ብቲ ጸልማት ከተብርህ እንተ ፈቲንካ ብእኡ መጠን ድማ እቲ ምስ ሰይጣንን ዓ ለምን እተካይዶ ረጽሚ ይዓዝዝ። ከም ውጽኢት ናይዚ ረጽሚ ድማ ከምቲ ንሓደ ተዋጋኢ ሰራዊት ዘጋጥም ናይ መቑሰልቲ፡ መስዋእቲ፡ ጥሜት፡ ጽምኢ፡ ድቃስ ምስ ኣንን ካልኦት ሽግራትን ኪጋጥመኻ ባህርያዊ እዩ። ምኽንያቱ ሰይጣን መንግስቲ እናዘረፍካያ ሱቕ ኢሉ ኣይርእየካን እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ዝተፈላለዩ መንፈሳዊ ን ጥፈታት እናንጠፍካ ወንጌል ናይ ምስ ፋሕ ዕላማ ሸለል እንተ ኢልካዮን ንምዕዋቱ እንተ ዘይጽዒርካ ብእኡ መጠን እቲ መከራ ክቕንስ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ዘመን እዚ ዘሎና ክርስትያናት እውን ንመንፈሳዊ ምልምማድ እምበር ንምስፋሕ ወንጌል ትጉሃትን ውፉያትን ስለ ዘይኮንና ብእኡ መጠን ኣብ ልዕሌና ዝወርድ መከራ ዳርጋ የለን እንተ ሃለወ እውን ስማዊ እዩ።

## ሳዕቤን መከራ

ዝኾነ ይኹን ፍጻሜ ናይ ገዛእ ርእ ሱ ሳዕቤን ኣለዎ። እዚ ኣብ ልዕሊ ክርስት ያን ዝወርድ ስደትን መከራን ድማ ዓቕኑ ብዘየገድስ ሳዕቤን ክህልዎ ባህርያዊ እዩ። እቲ ሳዕቤን ናይቲ መከራ ድማ ኣብ ክልተ ይኽፈል። እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቶም አ መንትን ንብረቶምን ዝስዕብ ጸርፊ መውቃዕ ቲ ማእሰርቲ መስዋእቲ፡ ኣብ ልዕሊ ን ብረቶምን ጥራቶምን ዝወርድ ዕንወት ክኸ ውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብቲ መን ፈሳዊ ምንቅስቓስ ዝርአ ሳዕቤን እዩ። ንሱ ድማ ምቁራጽ ናይ ኣምልኾን ጸሎትን ጉባኤታት ሓደስቲ ነፍሳት ናይ ምጥራይ ዕ ድል ይስኣን ወይ ይጸብብ፡ ራእይኻ ምጥፋእ ንድሕሪት ምምላስ ምድስካል ካልእ ዓይነት መንፈሳዊ ምንቅስቓስ የስዕብ።

ኣብ ጊዜ ስደትን መከራን፡ ዕዮ እግዚኣብሄር ብግቡእ ክሰላሰል፡ መንግስቲ ኣምላኽ እውን ክትሰፍሕ እንተኾይና ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ነቲ ካልኣይ መንፈሳዊ ክሳራ ምእንቲ ክኣሊ መከራ ንምጽጋብ ድሉው ክኸውን ኣለዎ። እዚ ምስ ዘይከውን ግን ስ ደት ዘስዓቦ ጸርፊ፡ መውቃዕቲ፡ ማእሰርቲ መስዋእቲ፡ ምዕናው ንብረት ወ.ዘ.ተ ኣብ ልዕሌኻ ከይወርድ ብምፍራህ ርእሰኻ ካብቲ ጸበባ ምግላል ኣብ ዕዮ እግዚኣብሄር ሕማቕ ሳዕቤን ኣለዎ። እዚ ድማ መርኣያ ግሉጽ ምሕላልን ድኻምነትን እዩ። ስለዚ ነቲ ሰይጣን ንማሕበር ኣምላኽ ንምዕናውን ን ምጥፋእን ዝወጠኖ ውጥን ከነፍሽሎ እንተክ ኢንና ስደት ዘኸትሎ ሳዕቤን ብዘየገድስ ብትብዓት ደው ኢልና ብተወፋይነት ክን ቃወሞ ይግባእ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰልለ ናይ ስ ደትን መከራን ጊዜ ርእሰኻ ከተድሕን ካብቲ ጸበባ ርእሰኻ ምግላል እምበር ነፍሰኻ ምውፋይ ዕሽነት እንተ መሰለ ኣብ ክርስ ትና ግን ብኣንጻሩ እዩ። ህይወትካ ክትረኽባ ከተጥፍኣ ኣለካ። 'ምድሓን ነፍ ሱ ዝደሊ ከጥፍኣ እዩ። እቲ ንነፍሱ ምእን ታይ ዘጥፍኣ ግን ክረኽባ እ ዩ' (ሉቃ፡9፡24)። ካልኦት ብህይወት ኽኸ ነብሩ ንርእሰኻ ክትውፊ ኣለካ። 'እምብኣርሲ

ሞት ኣብና ይዓዪ ህይወት ግና ኣብኻትኩም ትዓዪ ኣላ' (2ቆሮ:4:12)። እናተጸቕጥና ተስፋሕፍሕ እናተደፋእና ኣይትጠፍእን። ግናኸ እቲ ማእለያ ዘይብሉ ሓይሊ ካብ ኣምላኽ እምበር ካባና ምእንቲ ከይከውንሲ እዚ መዝገብ እዚ ኣብ ኣቕሓ መሬት እዩ ዘሎና። ብኹሉ ወገን ንጽቀጥ፡ ግናኸ ኣይጸበናን፡ እንገብሮ ይጠፍኣና ግናኸ ተስፋ ኣይንቀብጽን ኢና። ንስጉግ ድርቡያት ግን ኣይኮንናን ይደፍኡና ግናኸ ኣይንጠፍእን ኢና። ህይወት ኢየሱስ ኣብ ስጋና ምእንቲ ክትገሃድ'ውን ኩሉ ሳዕ ሞት ኢየሱስ ኣብ ስጋና ንጾውር ኣለና።' (2ቆሮ:4:7-10)

ክርስትናን መከራን ዘይፈላለዩ ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ስለዝኾኑ እዮ፡ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንዝስዕብዎ ኩሎም ካብ መጀመርታ ርእሶም ክቕብጹ ዝጸወዔ። 'ንኹሎም ከኣ ይድሕረይ ክስዕብ ዝደሊ ነፍሱ ይቕበጽ መስቀሉ ኣብ ጸጽባሕ የልዕል እሞ ይስዓበኒ።' (ሉቃ:9:23)። ስለምንታይ ጐይታ ርእስና እናቐበጽና ኣብ ጸጽባሕ መስቀልና ከነልዕል ይእዝዘና እንተ በልና፡ መልሱ መከራ ጊዜ እናቖጸረ ዝመጽእ ወቕታዊ ተርእዮ ዘይኮነስ፡ ዓቕኑ ብዘየገድስ መልክዑ እናቐያየረ ኩሉ ጊዜ ዝኸሰት ተርእዮ ስለዝኾነ እዩ። 'ህይወት ኢየሱስ ኣብ ስጋና ምእንቲ ክትገሃድውን ኩሉ ሳዕ ሞት ኢየሱስ ኣብ ስጋና ንጾውር ኣለና። ማለት እታ ህይወት ኢየሱስ ኣብቲ መዋቲ ስጋና ምእንቲ ክትገሃድሲ፡ ንሕና ብህይወት ዘሎና ምእንቲ ኢየሱስ ኢልና ኩሉ ሳዕ ናብ ሞት የሕልፉና ኣለው (2ቆሮ:4:11-12)።

ኣብ ጊዜና ዕዮ ወንጌል ብፍጥነት ክጐዪ እንተ ኾይኑ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ነቲ ስደት ዘስዕቦ ጸበባን ሽግርን ብዘየገድስ መከራ ንምጽጋብ ድሉው ክኸውን ኣለዎ። መከራ ክትጽግብ እንተ ኾንካ ድማ ርእስኻ ካብቲ ጸበባ ክተግልል የብልካን። ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ናይዚ ጽቡቕ ኣብነት እዩ። ጐይታ ነቲ መከራ መስቀል ዝተቐበለ እቲ መከራ ቀሊል ስለዝነበረ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ንርእሱ ሓሳረ መከራ ጸጊቡ ንብዘሎ ዓለም ከድሕን ፍቓድ ኣምላኽ ስለዝኾነ እዩ። ምረት ናይ መስቀል ክንርዳእ እንተ ኾይንና ጐይታ ኣብ ጌተሰማኒ ዝጸለዮ ጸሎት ንርኤ። 'ኣቦይ ፍቓድካ እንተ ኾይኑስ እዛ ጽዋእ እዚኣ ካባይ ትሕለፍ፡ ግናኸ ፍቓድካ እምበር ፍቓደይ ኣይኹን እናበለ ጸለየ። ዘበርትዖ መልኣኽ ካብ ሰማይ ተራእዮ። ጻዕሪ ሞት ሒዝዎ ኣጽኒዑ ይልምን ነበረ። ረሃጹ ከም ነጥቢ ደም ናብ ምድሪ ይንጥብ ነበረ' (ሉቃ:22:39-46)።

ሃዋርያት እውን በቲ ሳዕቤን ናይቲ ስደት እናተሳቐዩ መከራ ጸጊቦም እምበር ሳዕቤን ናይቲ ስደት ፈሪሆም ካብቲ መገዲ ኣየግለሱን። ምእንቲ ወንጌል ርእሶም ስለዘወፈዩ ድማ ኣብ ጊዜኦም ንወንጌል ካብ ሓደጋ ኣድሒኖም ናብ ዝቕጽል ወለዶታት ኣሕሊፎም። ብፍላይ ድማ ሃዋርያ ጳውሎስ ካብ ሚሊጠስ ናብ የሩሳሌም በዓል ሓምሳ ክበዓል ኣብ ዝተበገሰሉ ጊዜ ብትንቢት ኣብ የሩሳሌም ሽግርን መከራን ከምዘጓንፎ ተነግሮ። እቶም ኣሕዋት እውን ካብቲ ሳዕቤን ርእሱ ክሕሉ ንየሩሳሌም ከይድይብ ለመን

ዎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ግን ኪኖ መግረፍትን ማእሰርትን ንመስዋእቲ ድልውነቱ እረጋገጹ ናብ የሩሳሌም ከደ። '... ሓያሎ መዓልቲ ምስ ገበርና ኢጋቦስ ዝስሙ ነብዩ ካብ ይሁዳ ወረደ። ናባና መጺኡ ኸኣ ቅናት ጳውሎስ ወሲዱ ኣእዳውን ኣእጋሩን ብእኡ ተኣሲረ እሞ ንዋና እዛ ቕናት እዚኣ ኣ ይሁድ ናብ የሩሳሌም ከምዚ ጌሮም ኣ ሲሮም ናብ ኢድ ኣህዛብ ኣሕሊፎም ክህብዎ እዮም ይብል መንፈስ ቅዱስ በለ። እዚ ምስ ሰማዕና ንሕና እቶም ደቂ እታ ዓድን ናብ የሩሳሌም ከይድይብ ን ጳውሎስ ለመንናዮ። ሽዑ ጳውሎስ ኣቲም እትበኽዩን ንልበይ እትሰብሩን እንታይ ትገብሩ ኣለኹም? ኣነ ምእንቲ ስም ጐይታና ኣብ የሩሳሌም ንሙማት ድማ እምበር ንማእሰርቲ ጥራይ እኳ ኣይኮንኩን ተዳልየ ዘለኹ ኢሉ መለሰሎም። ምስማዕ ምስ ኣበየና ፍቓድ ጐይታ ይ ኹን ኢ ልና ሃዳእና' (ግብ፡21፡7-14)። ከምኡ እውን ሲድራቕ ሚሳቕን ዓብድ ኔጎን ርእሶም መስዋእቲ ብምግባር እምነቶም ካብ ምጥፋእ ኣድሒኖም ኣብ ጊዜኦም እውን ን ብዙሓት ብህልውና እግዚኣብሄር ኣእሚኖም። '... ነቡካድነጸር ከኣ እቲ ነቶም ባሮቲ መልኣኹ ሰዲዱ ዘናገሮም ኣምላኽ ሲድራቕን ሚሳቕን ዓብድ-ኔጎን ይባረኽ። ን ሳቶም ኣብኡ ተወኪሎም ትእዛዝ ንጉስ ኣበ ዩ። ብዘይ ንኣምላኾም ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኸየምልኹን ከይሰግዱንሲ ስጋኦም ወፈዩ ኢ ሉ መለሰ።' (ዳን፡3፡13-30)

ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጀ ሚርካ ኩሎም ናይ እምነት ጀጋኑ ኣብ ግዚኦም እምነቶም ንምሕላው ንምስፋሕ ናብቲ ዝቕጽል ወለዶ ንምትሕልላፍ ዝኸኣ ሉ ንርእሶም በጃ እምነቶም ስለ ዝወፈዩ እ ዩ። ሳዕቤን ናይቲ በብግዚኡ ዝለዓሎም ዝ ነበረ ስደት ፈሪሆም ርእሶም ኣግሊሎም እንተ ዝኾኑ ወንጌል ኣሸንኪይ ኣብዚ ዘሎናዮ ወለዶ ክበጽሕ ጌና ብግስ ከይበለ ምተቐጽየ ነይሩ።

ንሕና እውን ከም ኩሎም ንእግዚኣ ብሄር ኣስሚሮም ዝሓለፉ ቅዱሳን ኣብ ዘመንና ወንጌል ክሰፍሕ ናብ ዝቕጽል ወለዶ እውን ክሓልፍ እንተ ኾይኑ ምእን ቲ ስም ኢየሱስ ክርስቶስ መከራ ድማ ክን ጸግብ እምበር ብጊዜ ጸበባ ሳዕቤን ናይ ስ ደት ፈሪህና ርእስና ከነግልል ኣይተጸዋዕ ናን። ነዚም ዝስዕቡ ጥቕስታት ተመልከት። 'ነዚ ኢኹም እተጸዋዕኩም እሞ ክርስቶስ ከ ኣ ምእንቲ ኣስኣሰሩ ክትስዕቡ ኣርኣያ ሓዲጉልኩም ምእንታኹም መከራ ጸገበ።' (1ጴጥ፡2፡21)። 'እቲ ኣባይ ዝረኣኹ ምዎ ሕጂ እውን ኣባይ እትሰምዕዎ ዘሎኹ ም ገድሊ ከምኡ ዝበለ እናበጽሓኩም ሳላ ክርስቶስ ምእንትኡ መከራ ድማ ክትጸግቡ እምበር ብእኡ ክትኣምኑ ጥራይ ኣይኮነን ጸጋ ተዋሂቡኩም ዘሎ' (ፊሊ፡1፡29-30)። 'ከ ም ንፉዕ ናይ ክርስቶስ ዓቀይታይ ኲንካ ምሳይ መከራ ጽገብ' (2ጢሞ፡2፡3)። 'ደጊም ብሓይሊ ኣምላኽ ምእንቲ ወንጌል ምሳይ መከራ ጽገብ እምበር ብምስክር ጐይታ ወይስ ብኣይ ብእሱሩ ኣይትሕፈር (2ጢሞ፡1፡8)።

ካብዘን ኣብ ላዕሊ ተዘርዚረን ዘለዋ ጥቕስታት መከራ ንምጽጋብ ብቕዓት ከምዝ ሓትት ንመሃር። ንሱ ድማ እቲ ኣማኒ መ ከራ ክጸግብ ዝኽእል መጀመርታ ርእሱ

ቀቢጹ ኣርኣያ ጐይታ እናተኸተለ ኣስኣሰሩ ክኸይድ ዝኽእል እቲ ጸጋን ሓይልን ዝመልእ ንፋዕ ናይ ክርስቶስ ዓቀይታይ ጥራይ እዩ። ኣብ ጊዜ ስደት ነቲ ዝወርደካ ሓሳረ መከራ ተጻዊርካ ደው ምባል ምርጫ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ብቕዓት ሕቶ እውን እዩ። ስለዚ ዝኾነ ሰብ ጥዑይ መንፈሳዊ ህይወትን መንፈሳዊ ብጽሕናን እንተዘይብሉ ስለዝደለየ ጥራይ ነቲ ሳዕቤን ናይ ፈተና በዲሁ ደው ክብል ኣይክእልን እዩ። ሃዋርያት እውን ምእንቲ ስም ክርስቶስ ክሓስሩ ብቑዓት ኮይኖም ዝተረኸቡ ምእንቲ ስም ጐይታ ርእሶም ዝወፈዩ ጸጋን ሓይልን ናይ ኣምላኽ ስለዝበዝሓሎም እዮም። (ግብ፡5፡41)።

ኩሉ ጊዜ ስደት ኣብ ህይወትናን ንብረትናን ብዘስዕቦ ክሳራ ከም ሰባት ክንጉሂ ባህርያዊ እኳ እንተኾነ ከም ክርስትያናት ግን እቲ ዘስዕቦ በረኸት እናሓሰብና ብምኽንያት እቲ መከራ ክነመስግን ክንሕጐስን ክንምካሕን እዩ ዝግብኣና።

'ሓደ ካባኻትኩም ከም ቀታሊ ወይስ ከም ሰራቒ ወይ ከም ገባር እከይ ወይስ ኣብ ነገር ካልኦት ከምዝጽንበር ኮይኑ መከራ ኣይጽገብ። ከም ክርስትያን መከራ እንተጸገበ ግና ስለ እዚ ስም እዚ ንኣምላኽ የመስግኖ እምበር ኣይሕፈር። (1ጴጥ፡4፡15-16)። 'ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ክሓስሩ ብቑዓት ኾይኖም ስለ እተቖጽሩ ካብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ እናተሓጐሱ ኸዱ' (ግብ፡5፡4)። 'ግናኸ ብጸበባ ድማ ንመካሕ እምበር እቲ ጸበባስ ትዕግስቲ ከም ዘምጽእ ስለዝፈለጥና በዚ ጥራይ ኣይኮነን' (ሮሜ፡5፡3)።

መከራ ንምጽጋብ ብቑዓት ኴንና ምስ ንርከብ እዚ ዘስዕብ መንፈሳዊ በረከት ድማ ኣብ ህይወትናን ሕብረትናን ይርኢ።

1.እቲ ናይ ክብርን ናይ ኣምላኽን መንፈስ ኣባና ይሓድር። 'ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንተተጸረፍኩም እቲ ናይ ክብርን ናይ ኣምላኽን መንፈስ ኣብኻትኩም ይሓድር እዩ እሞ ብጹኣን ኢኹም' (1ጴጥ፡4፡4)። '... ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተጸገብና ምስኡ ከኣ ክንከብር ኢና' (ሮሜ፡8፡17)

2. ብቕድስና ትንብር ንሓጢኣት ናይ ምሕዳግ ምልክት እዩ። 'ደጊም ክርስቶስ ምእንታና ሓሳረ መከራ ካብ ጸገበስ ብስጋኡ መከራ ዝጸግብ ንሓጢኣት ሓዲግዎ እዩ።' (1ጴጥ፡4፡1)

3. ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ናይ ምሕባርና ምልክት እዩ። 'ብምግላጽ ግርምኡ ድማ ክትሕጐሱን ባህ ክትብሉን ኢኹም እሞ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ ትኾኑስ ተሓጐሱ ደኣ' (1ጴጥ፡4፡13)

4. ወንጌል ተስፍሕን ትዝርግሕን ከምዘለኻ ምልክት እዩ። 'ግናኸ ኣሕዋተየ እቲ ዝበጽሓኒ መከራ ንምስፋሕ ወንጌል ኣዝዩ ከም ዝጠቐመ ክትፈልጡ እደሊ ኣለኹ (1ጴጥ፡4፡1)። 'ብዛዕባኡ ከም ገባር ክፉእ ተቖጺረ ክሳዕ መቑሕ ሓሳረ መከራ እጸግብ ኣለኹ፡ ግናኸ እቲ ቓል ኣምላኽሲ ኣይእሰርን እዩ' (2ጢሞ፡2፡9)። 'ከምቲ እትፈልጥዎ ግና ቅድም ኣብ ፍሊጲ መከራ ምስ ጸገብና ምስተዋረድናን ብሓይሊ ገደል ንኣኻትኩም ወንጌል ኣምላኽ ንምንጋር

ብኣምላኽ ተባዕና' (1ተሰ፡2፡2)

5. ጻድቕ ብሓይሊ ገደል ስለዝድሕን መከራ ምጽጋብካ ኣብ ቅኑዕ ናይ ምድሓን መስመር ምህላውካ ምልክት እዩ። 'ነታ ብዛዕባኣ መከራ እትጸግቡ ዘለኹም መንግስቲ ኣምላኽ ብቑዓት ኺንኹም ምእንቲ: ክትቁጸሩ እዚ መከራኹም ግሉጽ ምልክት ናይቲ ቅ ኑዕ ፍርዲ ኣምላኽ እዩ።' (1ተሰ፡1፡5) 'እቲ ጻድቕ ብሓይሊ ገደል ዝድሕን ካብ ዘኾ ውን እቲ ዓማጽን ሓጥእን ደኣ ኣበይ ክርአ እዩ' (1ጴጥ፡4፡18)።

ስለዚ ኑቲ ዝተረከብናዮ ገንዘብ ሕድሪ (ወንጌል) ክንዕቅቦን ክንስፍሖን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ክነሰጋግሮን እንተ ኼን ና ሳዕቤን ናይ ስደት ከይፈራህና ክሳብ መወዳእታ ደው ንበል። 'እንሆ ምእንቲ ክትፍተኑስ ድያብሎስ ንገሌኻትኩም ናብ ቤቱ ማእሰርቲ ክድርብዮም እዩ። ዓሰርተ መዓልቲውን ጸበባ ኺረኽበኩም እዩ እሞ ኑቲ ዝመጽካ መከራ ኣይትፍርሃዮ። ክሳዕ ሞት እሙን ኩን ኣነ እውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እዩ። (ራእ፡2፡10)

ምእንቲ ወንጌል መከራ ንጽገብ እን በር እንዳመሳመስና ርእስና ኣይነግልል።

## ግደ ክርስትያን ኣብ ግዜ መከራ

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ስደትን መከራን ኣብ ልዕሊ ክርስትያናት ቀጻሊ ከይኑ ብዓይነቱ እውን ብዙሕ እዩ። ኣብዚ ክንፈልጦ ዘሎና ግን ሰይጣን ኣብ ልዕ ሊና ስደት ከለዓዕል ከሎ ሰቕ ኢልና ክን ርኢ የብልናን። ስለዚ ኣብ ናይ ስደት ግዜ ክንጻወቶ ዘለና ተራ ክንፈልጥ ኣለና። ስ ለዚ ካብዚ ቀጺልና ግደ ክርስትያን ኣብ ግዜ ስደትን መከራን እንታይ ምዃኑ ክን ርኢ ኢና።

## ሀ. ብግልኻ ምስ እግዚኣብሄር ዘለካ ሕብረት ምድልዳል

ኣብ ጊዜ ስደትን መከራን ነፍስ ወከፍ ክርስትያን ቀዳማይ ክወስዶ ዝ ግብኦ ስጉምቲ ንርእሰኻ ናብ እግዚኣብሄር ምምዕቛብን ምስኡ ዘለካ ሕብረት ምድልዳልን እዩ። ምኽንያቱ ዕላማ ሰይጣን በቲ ስደት ኣሳቢቡ ምስ ጐይታ ዘለና ሕብረት ብምብታኽ ንድሕሪት ምምላስን ወንጌል ናይ ምስፋሕ ዕዮ ከምዝቋረጽ ምግባርን እዩ። ሰይጣን ኑቲ ሕብረት ከ በላሸ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣብ ልዕሊ ክርስ ትያናት ስደትን መከራን ከለዓዕል ግድን እ ዩ ልክዕ ከምቲ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ናይ ጸላእቲ መጥቃዕቲ ንምኽልኻል ኣብ ውሽጢ ዕርዲ ከይኑ ዝዋጋእ ከምኡ ድማ ክርስትያን ካብቲ ናይ ሰይጣን ፍላጻታት ርእሱ ንምክልኻል ብጸሎት ርእሱ ናብ እግዚኣብሄር ከማዕቁብ ኣለዎ። ምኽንያቱ 'እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ ብመዓልቲ ጸበባ ዕ ርዲ እዩ ነቶም ኣብኡ ዝተወከሉ ድማ ይፈልጦም እዩ' (ናሆ፡1፡7)። 'እግዚኣብሄርሲ ኸውሔይ ዕርደይ መናገፍየይ ኣምላኸይ ዝ ሃድመሉ ጸግዐይ ዋልታይ ቀርኒ ምድሓነይ ልዕል ዝበለ ኸውለይ እዩ ናብቲ ሞሳ ዝ

ግብኣ እግዚኣብሄር ተማህለልኩ እሞ ካብ ጸላእተይ ድሓንኩ' (መዝ:18:1-3) 'ኣምላኽ ንዓና መዕቆብን ሓይልን ብጸበባ ፍጡን ረዲኤት እዩ። ስለዚ ምድሪ እንተ ተገልበጠት ኣኽራን ኣብ መንጎ ባሕሪ እንተ ተናወጹ ማያቱ እንተ ሃመመን እንተ ዓፈረን ኣኽራን ብንድሮም እንተ ኣንቀጥቀጡ ንሕና ኣይንፈርህን ኢና' (መዝ:6:1-3)። ጐይታይ ንስኻ መዕቆብየይ ኢኻ ኢልካ ኢኻ እሞ ንልዑልሲ መጸግዒኻ ስለዝገበርካዮ እከይ ዘበለ ኣይክረኽበካን ስቓይ እውን ኣብ ድንኳንካ ኣይኪቐርብን እዩ' (መዝ:91:1-16, መዝ:9:9, መዝ:37:39-40, መዝ:61:2-3 መዝ:142:5 ኤር:16:19, ኤር:17:17)።

ስለዚ ነቲ ሕብረትካ ካብ ሓደጋ ንምድሓን እጃምካ ክተበርክት እንተ ኺንካ መጀመርታ ንስኻ ክትህሉ ኣለካ። ምኽንያቱ ኣካል ብዘይ ዋሃዮ (ሲል) ክቐውም ስለዘይኽእል እቲ ሕብረት ህላወኑ ብዝግባእ ክረጋገጽ እቲ መንፈሳዊ ኣገልግሎት እውን ትርጉም ብዘለዎ ኣገባብ ክቕጽል እንተ ኾይኑ መጀመርታ ንፍስ ወከፍ ኣማኒ ብጸሎት ንቃል ኣምላኽ ብምእዛዝን ካልእ መንፈሳዊ ንጥፈታትን ህላወኑ ኣብ እግዚኣብሄር የረጋግጽ።

ንፍስ ወከፍ ኣማኒ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክምቲ ዝግብኦ ኮይኑ እንተ ተመላሊሱ ኣብቲ ክውሒ ዝኾነ ክርስቶስ እንተ ተሰሪቱ ውሒዝ እንተወሓዘ ንፋስ እንተንፈሰ ኣይንቕንቕን እዩ። 'እቲ ናባይ ዝመጽእን ንቓለይ ሰሚዑ ዚገብሮን ንመን ከም ዝመስል ክርእየኩም እዩ። ቤት ክሰርሕ ከሎ ኣዕሚቑ ዝኹዓቱን መሰረቱውን ኣብ ከውሒ ዝሰረተን ሰብኣይ እዩ ዝመስል። ደምሳሲ ውሒዝ ምስ መጸ እቲ ውሒዝ ደፍኣ ኣብ ከውሒ ስለዝተሰረተት ክእ ምንቅናቕ ስኣነ' (ሉቃ:6:37-38) ስለዚ ንፍስ ወከፍ ኣማኒ ኣብቲ ሰሩት መሰረት ኢየሱስ ክርስቶስ እንተ ተሰሪቱ እቲ ሕብረት ድማ ብእኡ መጠን ይጸንዕ ከም ውጽኢቱ ድማ ደገታት ሲኦል ንማሕበር ኣምላኽ ኣይሕይልዋን እዮም። ስደትን ፈተናን ኩሉ ጊዜ ብሕብረትን ዝግልን ክህሉ ከምዝኽእል ተገንዚብና ኣብ ልዕሊ እቲ ማዕበል ዘመላልስ ጸጋን ሓይልን ንምቕባል ምስ ጐይታ ዘለና ሕብረት ነደልድል። እዚ ምስ ንገብር ኣብ ጊዜ መከራን ስደትን ህዱእን ዕጉቡን ህይወት ንመርሕ። ሰይጣን ብዝመረጾ ኣገባብ ኣብ ልዕሊና ስደት እንተ ለዓዓለ ካብታ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምእማን ዝረኸብናያ ህይወት ዘልኣለም ክፈልየና ኣይኽእልን እዩ። ሕብረት እውን ኣይፈርስን እዩ። '... ካብታ ፍቕሪ ክርስቶስ ዝፈልየና መን እዩ? ከመዮ ምእንታኻ ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኣሎና ከም ኣባጊዕ ማሕረዲ እውን ተቖጺርና ዚብል ጽሑፍ ዘሎ ጭንቀትዶ፡ ጸበባዶ፡ ስደትዶ፡ ጥሜትዶ ዕርቃንዶ ፍርሂዶ ወይስ ሰይፊ፡ ሞት ኮነ ወይ ህይወት መላእኽቲ ኰነ ወይ ገዛእቲ ዘሎ ኰነ ወይ ዝመጽእ ወይ ሓይልታት ልዕል ዝበለ ኰነ ወይ ትሕቲ ዝበለ ካልእ ፍጥረት እውን እንተኾነ ካብታ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ ክትፈልየና ከም ዘይኮነት ኣረጊጸ ኣሎኹ እሞ በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና' (ሮሜ:8:31-39)።

## ለ. መንፈሳዊ ምሕላው

እቲ ካልኣይ ተራ ናይ ክርስትያን ኣብ ጊዜ መከራ መንፈሳዊ ብግልን ሕብረትን ምሕላው እዩ። ኩሉ ጊዜ እቲ ደረጃ ብጽሕና ናይ ኣመንቲ ይፈላለ እዩ። ስለዚ ድማ በቲ ብጽሕናኦም መጠን ናይ ምጽዋር ዓቕሞም ይፈላለ። ስደትን መከራ ንገሊኦም ከይሓይሎም ከሎ ገሊኦም ድማ ተስፋ ይቖርጹን ይሕለሉን። ከም ውጽኢት ናይዚ ድማ ገሊኦም ብድኽም ንድሕሪት ክምለሱ ከለው ገሊኦም እውን ነቲ ደው ኢሎሙሉ ዝነበሩ ዕላማ ገዲፎም ካልእ ናይ ኣገልግሎት ኣፍ ደገ ሃሰው ክብሉ ይርአዩ። እዚ ድማ ኣብ ማሕበርን ኣምላኽ ሕማቕ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ።[1] ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ስደትን መከራን ጊዜ በቲ ሰይጣን ዝውርውሮ ፍላጻ ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ምፍልላይን ንድሕሪት ምምላስን ከይርአ ናይ ምህዳእ፡ ምጽንናዕን ምምዓድን ኣገልግሎት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ንደሊኡ ብምምላእ ነቶም ምእመናን እናተኣሳሰርካ ክተዕብዮም ነቲ ሕብረት ድማ ብማእሰር ሰላም ጌርካ ክትሕልዎ እንተ ኽኢልካ መጀመርታ ኣብ ንሓድሕድካ ክተስተብህል ኣለካ። ‘ንፍቕርን ንሰናይ ግብርን ንምንቕቓሕ ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል’ (እብ፡10፡24)።

ኣብ ጊዜ ስደት ብዛዕባ እቶም ኣካላት ክርስቶስ ዝኾኑ ኣመንቲ ምስ ትብሃል ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ናይቶም ኣሕዋት ኣብ እምነት ምጽናዕ ንዓኻ ንምጽንናዕን ብህይወት ንምንባርን ምኽንያት እዩ ‘ስለዚ ኣሕዋተይ ሳላ እምነትኩም ኣብ ኩሉ ጸበባናን መከራናን ብዛዕባኹም ተጸናናዕና። ብጐይታ እንተ ጸኒዕኩምሲ ንሕና ደጊም ብህይወት ንነብር ኣሎና። (1ተሰ፡3፡7-8)። ናይ ካልኦት ኣሕዋት ምብርታዕን ምድኻምን ጽልዋኡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዓቢ ምዃኑ ተረዲእና እቲ ኣካል ክርስቶስ ኩሉ እናተኣሳሰረ ክዓቢ ክንጽዕት ኣለና (ኤፌ፡2፡20-22)።

ኩሉ ጊዜ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ሓደ ካብ ምዃን ክልተ ምዃን ይበልጽ እዩ። ከመይሲ እቲ ሓደ እንተወደቐ እቲ ካልእ ስለዝልዕሎ፡ ብፍላይ ኣብ ጊዜ ስደትን መከራን ነቲ ሰይጣን ዝውርውሮ ፍላጻ ክንምክቶ እንተ ኾንና ሕብረት ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ሓደ ፍሕሶ ገመድ ድምር ናይ ብዙሓት ኣፍትል ስለ ዝኾነን ክትፈላለዮ ክሳብ ዘይትኽእል ድማ ኣብ ንሓድሕዱ ስለ ዝተተሓሓዘን ብቐሊሉ ክበትኽ ኣይኽእልን እዩ። ብቐሊሉ ስለ ዘይብተኽ ድማ ክእርንቡ ዘይኽእሉ ኣቝሑ ጠማሩ ይሕዘልና፡ ክምሰኹ ዘይኽእሉ እንስሳታት ከም በዓል ፈረስ በቕሊ ብዕራይ ከልቢ ወዘተ ይእስረልና። ከምኡ ድማ ኣብ ጉዕዞ ክርስትና ንናይ ሰይጣን ቃህዲድን ምልዕዓልን ብቐሊሉ ክንገትእ እንተኾንና ብሕብረት ደው ክንብል ኣለና። ምኽንያቱ ሕብረት ሓይሊ እዩ። ብኣንጻሩ ሕብረት ብማዕቡእ እንዘይተሓልዩ ናይ ሓሳባት ምክፍፋል ናብ ድሕሪት ናይ ምምላስን ተርእዮ ክኸሰት ይኽእል እዩ። እዚ ድማ መባእታዊ ደረጃ ንምፍራስ ማሕበር ኣምላኽ እዩ። ምኽንያቱ ንሓድሕዱ እተፈላለ መንግስቲ ክትቀውም ስለ

ዘይትኽእል። ስለዚ ከአ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ንሱ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ንሰብ ፊሊጲ ነቲ ስደትን መከራን በብዝመሰሎምን በብመንገዶም ዘይኮነ ብሕብረት ጸኒዖም ክምክትዎ ዝመዓዶም። "ካብቶም ተጻረርቲ ብሓደ ነገር እኳ ከይሰንበድኩም እዚ ንኣታቶም ንጥፍኣት ንኣኻትኩም ግና ንምድሓን ምልኽት እዩ። እዚ ኸኣ ካብ ኣምላኽ እዩ። መጺኤ ክርኤኩም እንተኾይኑ ወይስ ከየሸኹ ስለ እምነት ወንጌል ብሓንቲ ነፍሲ ምሳይ እናተጋደልኩም ብሓደ መንፈስ ቀጥ ኢልኩም ከም እትቆሙ ምእንቲ ክሰምዕ ሓንትስ ንብረትኩም ንወንጌል ክርስቶስ ጥራይ ዝበቅዕ ይኹን" (ፊሊ:1:27-28)

ኣብዚ ክንግንዘቦ ዘለና ሓቂ ሕብረት ክበሃል ከሎ ተኣኪብካ ምጽላይን ምዝማርን ጥራይ ዘይኮነ ኩላቶም ምእመናን ብሓደ ራእይ ክመላለሱን ኣብ ኣገዳስትን ወሰንትን ፍጻመታት ድማ ብዘይ ምፍልላይ ሓደ ሕቡር ድምጺ ክሰምዑ ምኽኣል እዩ። እዚ ክኸውን እንተኾይኑ ኣብ ጊዜ ስደት እቲ ማዕበላዊ ፈተና ዝፈጠሮ ሳዕቤን ኣብቶም ምእመናን ማህሰይቲ መታን ከየምጽእ ክንጸወቶ ዝግብኣና ተራ ኣሎ ንሱ ድማ ነቲ መጓስ ምህዳእ ምጽንናዕ ምምዓድ እዩ።

## ሐ. ምህዳእ

ኣብ ግዜ ስደትን መከራን ረዲኤት ኣምላኽ ዘንጊዕካ የዕንትኻ ካብ እግዚኣብሄር ኣልዒልካ ናብቲ ዝሃምምን ዝዓርፍን ማዕበላዊ ፈተና እንተ ነፒርካየን ጸላእትኻ ካብኻ ንላዕሊ ዝብርትዑን ዝሕይሉን ኮይኑ ስለዝስምዓካ ክትፈርሕን ክትሽበርን ግድን እዩ። ክምውጽኢቱ ድማ ኣንጻር ረብሓኻ ዘይቅኑዕ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ተኽእሎ ልዑል እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት እቲ ቀዳማይ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ምህዳእ እዩ። ንኣብነት ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ናብ ከንኣና እናተጓዕዙ ከለው ሰራዊት ፈርኦን ደድሕሪኦም ምስ ሰዓቡዎም የዒንቲ ልበኖኦም ካብቲ ብቐትሪ ብዓንዲ ደመና ብለይቲ ድማ ብዓንዲ ብርሃን እንዳመረሐ ዝመርሖም ዝነበረ እግዚኣብሄር ኣልዒሎም ናብ ብዝሕን ሓይልን ሰራዊት ፈርኦን ምስ ገበሩ ብፍርሒ ኣንጻር ረብሓኦም ምርጫ መሪጾም። ኣብ ልዕሊ ሙሴ ድማ ኣጉረምረሞም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ሙሴ ዝወሰደ ስጉምቲ ንደቂ እግዚኣብሄር ምህዳእ እዩ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ንህዝቡ ኣህድኦም። "ሽዑ ሙሴ ንቶም ህዝቢ ኣይትፍርሁ ደው በሉ እቲ ምድሓን እግዚኣብሄር ሎሚ ዝገብረልኩም ርኣዩ። እዞም ሎሚ እትርእይዎም ግብጻውያን ደጊም መሊስኩም ንዘልኣለም ኣይትርእይዎምን። እግዚኣብሄር ኪዋግኣልኩም እዩ እሞ ህድኡ በሉም" (ዘጸ:14:8-14)

ሃዋርያ ጳውሎስ እውን ተኣሲሩ ብመርከብ ናብ ሮማ ክኸይድ ከሎ እታ ክፈታ ሚእትን ሰብዓን ሰባት ጽዒና ዝነበረት መርከብ ሃዋርያ ጳውሎስ ጉዕዝኦም ከደናጉይዎ እኳ እንተሓበሮም ዘረብኡ ብዘይ ምስማዕ ጉዕዞ ናብ ሮሚ እንተጀመሩ ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ መንገዶም ብሰንኪ ብርቱዕ ማዕበል ባሕሪ ብጭንቀት ጸበባን ከነ ነታ መርከብ ድማ ብግቡእ ክመርሕዋ ክሳብ ዘይክእሉ እቲ ማዕበል ኣከላቢትዎም።

ጾሓይን ከዋኸብትን ከይረኣዩ ድማ ብዙሕ መዓልታ ገበሩ። መፍትሒ እንተኾ ድማ ኣቑሑ ካብታ መርከብ ናብቲ ባሕሪ ክድርብዩ ጀሚሮም እንተ ኾነ ግን መመሊሱ ገዲዱ ተስፋ ምድሓን ነፍሶም ክሳብ ዝቕብጹ ድማ ክሳብ ክንድዚ እቲ ማዕበል ባሕሪ ኣናዊጽዎም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተስፋ ዘይብሉ ጊዜ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝገበሮ እንተሎ ደጋጊሙ ነቶም ሰባት ክሃድኡ ምግባር እዩ። 'ብዘይ መግቢ ብዙሕ መዓልቲ ምስ ገበሩ ድማ ጳውሎስ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ በሎም ኣቱም ሰብ እቲ ካብ ቀሬጥስ ከይነቕልኩም ሰሚዕኩምኒ እንተትኾኑስ ግዲ እዚ ጸበባን ጉድኣትን እዚ ኣይምረከበክሙን ነይሩ። ሕጂ ድማ እዛ መርከብ ደኣ እንበር ካብኻትኩምሲ ሓንቲ ነፍሲ እኳ ኣይትጠፍእን እያ እሞ ክትሃድኡ እልምነኩም ኣሎኹ' (ግብ፡27፡21-23) ሃዋርያ ጳውሎስ ክሃድኡ እኳ እንተ ነገሮም ሓለፋ ዓቕሞም ስለ ዝጸበቦም ክሃድኡ ስለ ዘይከኣሉን ጳውሎስ ግን ከይተሓለለ ደጋጊሙ ምስ ኣጸናንዮ ሃዲኦም እንጌራ ክበልዑ ከለው ንርኢ። 'ጳውሎስ ከኣ እናተጸበኹም ገለ ከይጠዓምኩም ጾምኩም ሎሚ መበል ዓሰርተ ኣርባዕተ መዓልትኹም እዩ እሞ እንጌራ ብልዑ ኢሉ ምድሪ ክሳብ ትወግሕ ኵሎቶም ለመኖም። እምብኣርከ እዚ ንምድሓንኩም ስለዝኾነ ካብኻትኩም ጸጉሪ ርእሲ እኳ ኣይክትጠፍእን እያ እሞ ክትበልዑ ይልምነኩም ኣለኹ በሎም። እዚ ምስ በለ እንጌራ ኣልዒሉ ንኣምላኽ ኣመስገነ ኣብ ቅድሚ ኵላቶም ድማ ቈሪሱ ኺበልዕ ጀመረ። ኵላቶም ከኣ ህድኡ እንጌራውን በልዑ' በሎም (ግብ፡27፡33-36)።

ምኽንያቱ ዮሳፍጥ ድማ ናይዚ ጽቡቕ ኣብነት እዩ። ኣብ ጊዜ ጸበብኡ የዒንቱ ናብ እግዚኣብሄር ብምግባር ድማ ከምዚሉ '.... እንሆ ንሳቶም ካብዛ ዘረስተኻና ርስትኻ ኺውጽኡና ብምምጽኦም ከመይ ዝበለ ውሬታ ይመልሱልና ኣለው። ዎ ኣምላኽና ኣይትፈርዶምን ዲኻ ንሕናስ ኣብ ቅድሚ እዚ ዚመጽና ዘሎ ዓብይ ጭፍራ ሓይሊ የብልናን እንታይ ከም እንገብር ኣይንፈልጥን ኢና ኣዒንትና ናባኻ ይጥምታ ኣለዋ።' (2ዜና፡20፡9-12)

ሓደ ሰብ ሚዛኑ ሓልዩ ብህድኣት ውሑጅ ክሰግር እንተኽእሉ ኣብቲ ማእከል ውሑጅ ኮይኑ ኣማዕድዩ ናብቲ ንቑጽ መሬት ክጥምት ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ነቲ ኣትይዎ ዘሎ ውሑጅ ክጥምት እንተጀሚሩ በቲ ውሑጅ ተጠሊፉ ናይ ምጥፋእ ዕድሉ ልዑል እዩ። ጴጥሮስ መጀመርታ ኪኖ እቲ ዝረግጾ ማይ ንኢየሱስ ክርስቶስ ይጥምት ስለዝነበረ ብማየ ማይ ክኸይድ ጀመረ፡ ድሓር ግን የዒንቱ ካብ ጐይታ ኣልዒሉ ናብቲ ዝዓፍርን ዝሃምምን ዝነበረ ማዕበል ባሕሪ ምስ ኣንበረ ብቕጽበት ክጥሕል ጀሚሩ። ደቂ እስራኤል እውን ካብ ግብጺ ወጺኦም ኻሽንኣን ኣብ ዝጋዓዝሉ ዝነበሩ ጊዜ ሰራዊት ፈርኦን ገስጊሶም ምስ ኣርከብዎም የዒንቲ ልቦኖኦም ካብቲ ብዘደንቕ ኣገባብ ዝመርሖም ዝነበረ እግዚኣብሄር ኣልዒሎም ናብ ሰራዊት ፈርኦንን ባሕሪ ኤርትራን ምስኣንበሩ ብኡንብኡ ሕልንኦም ዓሪብዎም ኣብ ግብጺ ብባርነት ንምንባር ክውሰኑ ከለው ንርኢ (ዘጸ፡14፡8-12)

ኩሉ ጊዜ ንዝንጥመና ስደትን መከራን ክንሰግሮ እንተኽይንና ህድእ ኢልና ኑነ፡ ኩሉ ዝኽእል እግዚኣብሄር ክንጥምትን ኣብኡ ክንውከል ይግብኣና 'ህድእ በሉ እሞ ኣነ ኣምላኽ ምዃነይ ኣስተብህሉ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ልዕል ክብል እየ' (መዝ:46:10)።

## መ. ምዝርጋሕ (ምስፋሕ) ወንጌል

እቲ ሳልሳይ ኣብ ጊዜ መከራ ክርስትያን ክጸወቶ ዘለዎ ተራ ወንጌል ናይ ምስፋሕ ዕዮ ዘይምቁራጽ እዩ። ማለት ኑቶም ካብ ሕብረት ቅዱሳን ወጻኢ ዘለው ሰባት ሞትን ትንሳኤን ኢየሱስ ክርስቶስ ብምምስካር ካብ ሞት ናብ ህይወት ምስግጋር እዩ። ምናልባት ኣብ ጊዜ ስደትን መከራ ሀላውነትካ ምርግጋጽ እምበር ንምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ ምጽዓት ዘይንቡር ይመስል ይኸውን። እንተ ኾነ ግን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ክርስቶስ ኢየሱስ ብምስባኽ መንግስቲ ኣምላኽ ክነስፍሓ ይግብኣና እዩ። ነዚ ክምዝተጸዋዕና ተረዲእና ድማ ከምቲ ኣብ ጊዜ ራህዋ ኣብ ጊዜ ስደትን መከራን እውን ንምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ ድልዋት ክንከውን ይግብኣና እዩ።

ምኽንያቱ ሰይጣን ቡቲ ኣብ ልዕሊና ዘውርዶ ሓሰራ መከራ ካብ ጐይታ ክፈልየና እንተ ዘይኪኢሉ ዝተፈላለየ ውዲታት እንዳኣልዓለ ሰባት ካብ ሞት ናብ ህይወት ናይ ምስግጋር ኣገልግሎትና ንምድኻም ካብ ምጽዓት ኣየቋርጽን እዩ። ንሕና እውን ውዲት ናይ ሰይጣን ተረዲእና ክንነቕሕን ሞትን ትንሳኤን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዘይምቁራጽ ክነበስር ይግብኣና። ምናልባት ኣብ ናይ ስደት ጊዜና ክንዝምር ክንሰብኽ ክንጽሊ ክንምህር ካልእ መንፈሳዊ ንጥፈታት ክነካይድ ንኽእል ኢና። እዚ ጌርና ሰባት ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ብምስግጋር ንመንግስቲ ኣምላኽ ዝወርሱ ሓደስቲ ሰባት ክነጥሪ እንተዘይኪኢልና ንእግዚኣብሄር ዋላሓንቲ ኣይዓበስናሉን። ዕላማ ናይ መስቀል እውን ኣየዓወትናዮን። ምኽንያቱ ኣብዚ ምድሪ እዚ ንስለ ምድሓን ነብሳት እምበር ንስለ ምዝማር ጥራይ ኣይኮንናን ዘለና። ንጐይታ እውን ዝያዳ ኩሉ መንፈሳዊ ንጥፈታትና ፍረ ብምፍራይ ኢና ንኽብሮን ጥዕና ክርስትናና እውን እነረጋግጽ። 'ብዙሕ ፍረ እንተ ፈረኹም ኣቦይ በዚ ይኸብር ደቂ መዛሙርተይ እውን ክትኮኑ ኢኹም' (ዮሃ:15:5)።

ቅዱሳን እውን እዚ ስለ ዘስተውዓሉ እዮም ኣብ ጊዜ ጸበባእምን መከረእምን ካብቲ ጊዜ ራህዋ ብዘይንእስ ሞትን ትንሳኤን ኢየሱስ ክርስቶስ ብምብሳር ንምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ ጽዒቶም። ንኣብነት ሃዋርያት ብስም ኢየሱስ ክይዛረቡ እንተ ገረፍዎምን ኣሰርዎምን ንሳቶም ግና ሱቕ ክብሉ ኣይከኣሉምን። ... ንሃዋርያት ጸዊዖም ገረፍዎምን ብስም ኢየሱስ ክይዛረቡ ኣዘዞም ከኣ ሓደግዎም ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ክሓስሩ ብቑዓት ስለ እተቖጽሩ ካብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ እናተሓጐሱ ከዱ። ኣብ ቤት መቕደስን ኣብ በቤቱን ብስራት ኢየሱስ ክርስቶስ ምምሃርን ምስባኽን ኣየብከሩን ነበረ (ግብ:5:40-42)። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ስደትን መከራን ኣብ ልዕሊ ቤተክርስትያን እንዳበርተ ከይዱ ክም ውጽኢቱ ድማ እስቲፋኖስ ብዳርባ እምኒ

ተወቂሩ ሞይቱ፡፡ ስሙን መሰልቱን ድማ ኣስኣሰር እቶም ደቀመዛሙርቲ ጐይታ እንዳሰዓቡ ኑቲ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ እንተብጽሕዎ ንሃዋርያት ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ምብሳር ክዓግትዎም ኣይከኣሉን። 'ሳውል ግና ነታ ማሕበር የጥፍኣ ናብ ኣባይቲ እናኣተወ ሰብኡትን ኣንስትን ሰሲሒቡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ የእትዎም ነበረ። እቶም እተበተኑ ግና ቃል ወንጌል እናነገሩ ዞሩ። ፊሊጶስ ከኣ ናብ ሓንቲ ከተማ ሰማርያ ወሪዱ ክርስቶስ ሰበኸሎም (ግብ፡8፡3-5) እቲ ንማሕበር ኣምላኽ ከምሕሱም ዘሳድዳ ዝነበረ ንባዕሉ ሳውል። ደሓር ጐይታ ኣብ መንገዲ ደማስቆ ምስረኸቦ፡ ነታ ዘዳፍኣ ዝነበረ መንግስቲ ኣምላኽ ክሰብካ ምስ ጀመረ ዕጫ እቶም ዘሳድዶም ዝነበረ ሃዋርያት እዩ በጺሕዎ። ስለዚ ድማ ብዙሕ ጊዜ ተቐጥቂጡ፡ ተኣሲሩ ንሞት ክሳብ ዝቐርብ ብዓርባ እምኒ ተፈጽፊጹ። እንተኾነ እዚ ኣብ ልዕሊ ጳውሎስ ዝወረደ መከራ ልክዕ ከምቲ እቲ ናቱ ምስዳድ ንሃዋርያት ካብ ምስፋሕ ወንጌል ዘይዓገቶም ከምኡ ድማ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ሓሳረ መከራ ጳውሎስ ወንጌል ከይሰብኽ ኣይከልከሎን። 'ኣይሁድ ከኣ ካብ ኣንጾኽያን ካብ ኢቆንዩምን መጹ ነቶም ህዝቢ ሓባቢሎም ንጳውሎስ ድማ ብዓርባ እምኒ ፈጽፈጽዎ ዝሞተ መሲልዎም ከኣ ካብታ ከተማ ንወጻኢ ጓተትዎ። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ከቢቦም ኸለው ብድድ ኢሉ ናብታ ከተማ ኣተወ። ንጽብሒቱ ከኣ ምስ በርናባስ ናብ ደርቤ ከደ። ኣብታ ከተማ እቲኣ ድማ ወንጌል እናሰበኸ ብዙሓት ደቀመዛሙርቲ ምስ ገበሩ ናብ ልስጥራን ናብ ኢቆንዮምን ናብ ኣንጾክያ ተመልሱ' (ግብ፡14፡19-20)። መዓስ እዚ ጥራይ ተኣሲሩ ኣብ ሮሜ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ እውን ናይ ምድሪ ጉዕዝኡ ብሰማእትነት ክሳብ ዝድምድም ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ከይተኸልከለ ክርስቶስ ኢየሱስ ሰበኸ። 'ጳውሎስ ኣብታ እተኻረያ ቤት ክልተ ዓመት ምሉእ ተቐመጠ ነቶም ናብኡ ዝመጹ ኹሎም እውን ይቕበሎም ነበረ። ኸይተኸልከለ ከኣ መንግስቲ ኣምላኽ ብብዙሕ ትብዓት እናሰበኸ ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይምህር ነበረ።' (ግብ፡28፡29-30)።

ንሕና እውን እዚ ተረዲእና ኣብ ጊዜ ስደትን መከራን ካብቲ ጊዜ ራህዋ ብዘይንእስ ከምቲ ናይ ሃዋርያት ከይተኸልከልና ንጐይታና ኢየሱስ ክንሰብኮን ክንእመኖን እምበር ኑቲ ዝዓፍርን ዝሃምምን ዘሎ ማዕበል ፈተና እንዳራኣና ክንሰናበድን መጠን ናይ ፍሬና ክቕንስን ክቋርጽን ኣይግባእን። ንኣብነት ደቂ እስራኤል ብስደት ኣብ ምድሪ ግብጺ ኣብ ዝነበርሉ ጊዜ ፈርኦን መታን ከይፈርዩን ከይበዝሑን ብብዙሕ ዕዮን ጻዕርን እንተ ኣጽበበሎምን ዘዝተወልዱ ተባዕትዮ ክቕተሉ እንተ ኣዘዘ ደቂ እስራኤል ግን በቲ ናይ ፈርኦን ውዲትን ታህዲድን ከይተሰናበዱ ውሉድ ንምውላድ ዘርኢ ካብ ምዝራእ ኣይተኸልከሉን እግዚኣብሄር ድማ ኣብዚሕዎምን ኣሰሲኑዎምን። 'ኣብ ግብጺ ከኣ ንዮሴፍ ዘይፈልጥ ሓድሽ ንጉስ ተንስኤ። ንሱ ድማ ንህዝቡ እንሆ ህዝቢ ደቂ እስራኤል ካባና በዝሑን በርትዑን እምበኣርከ ከይበዝሑ እሞ ውግእ ምስ ዝለዓለና ንሳቶም ድማ

ምስ ጸላእትና ሓቢሮም ክይዋግኡና ካብዛ ሃገር እውን ከይወጹ ንዑ ንጣበበሎም በሎም። ብብርቱዕ ዕዮ ምእንቲ ክጽብብሎም ከኣ ኣዘዝቲ ሸሙሎም። ንፈርኦን ድማ ጺቶምን ራዕምሲስን ከተማታት ራኽ ሰርሑሉ። ብመጠን እቲ ዝጽበበሎም ግና ክንዳኡ ሰሰኑ ክንዳኡ ከኣ ተዘርግሑ እሞ ብደቂ እስራኤል ይጭነቑ ነበሩ..... እቲ ህዝቢ እውን በዝሒ ኣዝዩ በርትዐ' (ዘጸ፡1፡8-20)።

ስለዚ ሰይጣን መታን ከይንፈርን ከይንበዝሕን ብብዙሕ መንገዲ እንተጸበበና ንሕና ድማ በቲ ዝጸበበና መጠን ኣዚና ክንፈርን ክንበዝሕን ኩሉ ጊዜ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ ምዃና ተረዲእና ናይ ሰይጣን ፈኸራን ታህዲድን ብዘየ ገድስ ንኹሉ ፍጥረት ናይ ድሕነት ቃል ንዝርኣሉ። 'ኪድ ንብዘሎ ፍጥረት ወንጌል ስበኹ ።' (ማር፡16፡15)።

## ረ. ቦታኻ ዘይምሕዳግ

ኩሉ ዕዮ ብቦታን ግዜን ኣንጻር እዩ ዝዕመም። ስለዚ ዝኾነ ተልእኾኻ ኣብ ምዕራፉ ክተብጽሖ እንተኾንካ ኣብ ቦታ ፍጻሜ ክትርከብ ኣለካ። ስለዚ ቦታ ከምቲ ንኻልእ ዕማም ኣብ ምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ ሉል ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለዚ ከምቲ ተዋጋእቲ መታን ክዕወቱ ንዛኢ ቦታ ንምሓዝ ዝቀዳደሙ ከምኡ ድማ ክልቲኦም ናይ መንፈስ ተጻረርቲ ኩሉ ቦታ ንምሓዝ ይቀዳደሙ፡ ማለት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ወንጌል ክንሰብኽ ናብ ብዘላ ዓለም ኪዱ ክብለና ከሎ ብኣንጻሩ ሰይጣን ኣብ ዝኸዕኑ ቦታ ወንጌል ምስ ብኽ ኩልኩል እዩ ዝብል ጭርሖ እንዳጨረሐ ይቃወሙካ ኣብ ልዕሌኻ ድማ ስደትን መከራን የለዓዕል ከም ውጽኢቱ ድማ ቀጻሊ ምስ ሓይልታት ጸልማት ትራጸም። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ግደ ናይ ክርስትያን መከራን ስደትን ተጻዊርካ ንሓይልታት ሰይጣን ብምስዓር ኣብቲ ንወንጌል ዝተጻዋዕካሉ ቦታ ህላውነትካ ምርግጋጽ እዩ። 'መንፈስ ገዛኢ ኣብ ልዕሌኻ እንተተላዕለ ትዕግስቲ ንዓብይ ኣበሳ ተህድእ እያ እሞ ስፍራኻ ኣይትሕደግ' (መክ፡10፡4)

ካብ ጐይታናን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ጀሚርካ ቅዱሳን እውን ኣብቲ እግዚኣብሄር ዝቐመጠም ተቐሚጦም መንግስቲ ኣምላኽ ከስፍሑ ዝኸኣሉ መንቐእባይታ ስለ ዝተፈጠረሎም ኣይኮነን እንታይ ድኣ ነቲ ጐይታ ዝሃቦም ናይ ወንጌል ሕድሪ ክፍጽሙ ግዴታ ስለ ዘለዎም ኣብቲ እግዚኣብሄር ዝቐመጠም ቦታ ደው ክብሉ ተገዲዶም።

ንኣብነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣይሁድ ክጥፍእዎ እንዳደለዩ ንሱ ግን ቦትኡ ኣይሓደገን። ቀጻሊ ኣብ ቤት መቕደሶም የገልግል ነይሩ። 'ኣብ ጸጽባሕ ከኣ ኣብ ቤተ መቕደስ ይምህር ነበረ። ሊቃውንትን ካሃናትን ጸሓፍትን ዓበይቲ ህዝብን ድማ ክጥፍእዎ ይደልዩ ነበሩ። (ሉቃ፡19፡47)።

ሃዋርያት እውን መታን ከይሰብኩ ጸሓፍቲ ፈሪሳውያን እንተፈራህዎም፡ እንተገረፍዎም፡ እንተኣሰርዎም ሃዋርያት ግን ከምዚ ዝበላ መከራ እንተበጽሖም ስፍርኦም ኣይሓደጉን። '... ንሃዋርያት ጸዊዖም

ገረፍዎም ብስም ኢየሱስ ከይጽዛረቡ ከአ አዚዞም ሓዲግዎም። ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ኺሓስሩ ብቑዓት ኮይኖም ስለ ዝተቖጽሩ ካብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ እናተሓጉሱ ከዱ። አብ ቤተመቕደስን አብ በቢትን ብስራት ኢየሱስ ክርስቶስ ምምሃርን ምስባኽን አየብኰሩን ነበሩ። (ግብ:5:17-42)

ሃዋርያ ጳውሎስ እውን አብ አንጻኪያ ብአይሁድን በቶም ካልኦት ነገርን ክሳብ ጥቓ ሞት ዝበጽሕ እንተጨፍጨፍዎ ሃዋርያ ጳውሎስ ግና ነዚ ኽረሉ አደራዕ ተጻዊሩ ናብ ቦትኡ ደው ኢሉ እንበር ስፍራኡ አይሓደገን።። 'አይሁድ ከአ ካብ አንጾክያን ካብ ኢቆንዮምን መጹ ኑቶም ህዝቢ ሓባቢሎም ንጳውሎስ ብዳርባ እምኒ ፈጽፈጽዎ፡ ዝሞተ መሲልዎም ከአ ካብታ ከተማ ንወጻኢ ጐተትዎ። እቶም ደቂ መዛሙርቲ ከቢቦም ከለው ከአ ብድድ ኢሉ ናብታ ከተማ አተወ' (ግብ:14:19-20)

ሃዋርያ ጳውሎስ ኩሉ ግዜ ኩሉ ዓይነት ዋጋ እንዳኸፈለ አብቲ እግዚአብሄር ዘቐመጦ ቦታ ተቐሚጡ ወንጌል መንግስቲ አምላኽ ይሰብኽ እንተነበረ ሓደ ግዜ ግን አይሁድ ምስተኸረኽርዎን ምስተጻረፍዎን ንከተማ አቴና ሓዲጉ ናብ አህዛብ ክኸይድ ወሲኑ። እንተኾነ ግን እቲ ጐይታ ዝሃቦ ተልእኮ አብ ምዕራፍ ስለ ዘየብጽሖ አብታ ከተማ ክጸንሕ ነጊርዎ። 'ሲላስን ጢሞቴዎስን ካብ መቄዶንያ ምስ ወረዱ ጳውሎስ እቲ ኢየሱስ ንሱ ክርስቶስ ምኻኑ ንአይሁድ እናመስከረ ብዕዮ እቲ ቃል ጸኒዑ ነበረ። ንሳቶም ምስ ተኸረኽርዎን ምስ ጸረፍን ግና ክዳኑ ነጊፉ ደምኩም አብ ርእስኹም ይኹን አነ ንጹህ አየ፡ ካብ ሕጂ ኸአ ናብ አህዛብ ክኸይድ እየ በሎም። ... ጐይታ ኸአ ለይቲ ብራእይ ንጳውሎስ ተራእዮ እሞ፡ አብዛ ኸተማ እዚአ ብዙሕ ህዝቢ ስለዘሎኒ ተዛረብ ደአ እምበር ሱቕ አይትበል አነ ምሳኻ እየ እሞ ክፉእ ኪገብረካ ዚቐርበካ የልቦን አይትፍራህ በሎ። አብኡ ቃል አምላኽ እናመሃረ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን አብ ማእከሎም ተቐመጠ' (ግብ:18:5-11)

ክቡር አንባቢ ንሕና እውን ወንጌል መንግስቲ አምላኽ ክተስፍሕ አብቲ ደገ ምድሓን ደው አብ ዝበልካሉ ብቑጻሊ ትድፋእን ትጽረፍን እንተለኻ ቦታኻ ግን ኽትሓድግ አይግባእን።

ሎሚ ወንጌል ክንሰብኽ ሰባት ከ ፍቅዱልናን ከውሕሱናን ክንጽቦ የብልናን። ምኽንያቱ ወንጌል እትሰብኽ ብእግዚአብሄር ተስፋ ስለዝገበርካ እምበር ሰባት ምቹእ ባይታ ስለዘጣጥሑልካ አይኮነን። 'ብቲ ንሕና ሰብ ምናዳ ናአመንቲ ዜድሕን ህያው አምላኽ ተስፋ ስለዝገበርና ኢና እንዓይን እንጽዕርን ዘለና' (1ጢሞ:3:10)

ስለዚ ኑቲ ዝተዋህበና ናይ ወንጌል ሕድሪ አብ ምዕራፋ ክሳብ ነብጽሖ ንሕና ስደትን መከራን ተጻዊርና አብቲ መሓለዊና ደው ንበል። 'ብዛዕባ እቲ ክትይ ንሱ እንታይ ከምዝዛረበንን አነ እንታይ ከምዝምልሰሉን ተጠንቂቐ ክርእስ አብቲ መሓለውየይ ደው ክብል አብ ልዕሊ ግምቢ እውን ክቐውምየ' (አንባቆም:2:1)።

ሳሙኤን ሃብተማርያም

